ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.123 | ቀዳም 21 ጥሪ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ዋጋታት ፍርያት ሕርሻ...

ገጽ 3
ሕማም ፍርሚይ ከብቲ

ገጽ 5
ፍርሂ

ገጽ 7
ሕብረተሰባት ክበይ ናበይ ብኽመይ?

ገጽ 11
ኣብ ዙርጋቦን ኣትሳተፍ ሃገራዊት ጋንታ ብሽክለታ ኤርትራ...

ዓንሰባ - መበል 50 ዓመት ምምስራት 'ቤት-ትምህርቲ ፍረ-ሰላም' ተዘኪሩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሓቱ ተራን ኣበርክቶን ነም ኣብ ምምዕባል ኣገልግሎት ትምህርቲ - ዝያዳ ክብርኽ ኣቐሻኺሩ።

ብ16 ጥሪ ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ፍረ-ሰላም - ምሕላብ ኣብ ዘሰመየ ቃልሲ፣ ኣምባሳደር ዓብደላ፣ ህዝቢ ዘርኢዮ ዘሎ ተሳትፎ፣ መርኢያ ንቕሓቱን ንፍልጠት ዘለዎ ድሌትን ምኻኑ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፊር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል እውን፣ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝዘሎ ናይ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ተመኩሮ ምምሃርን ምስትምሃርን ድሕሪ ምጥቃሉ ንተሳትፎ ህዝቢ ሞገሱ።

ኣብ 1972 ክርቲ ብዘወሰድዎ ተበግሶ ዝተመስረተትን ኣብ 1999 ተወሰኽቲ ክፍልታት ዝተሃንጸላን ቤት-ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ምሕላቡ፣ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2001/2002

ናብ ማእከላይ፣ ኣብ 2022/2023 ድማ ናብ 2ይ ደረጃ ዝዓበየት ኩይና፣ 1,382 ተመሃሮ ኣለውዋ።

ኣብ'ቲ ሰኑስርዓት ዝተሳተፉ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን፣ እታ ቤት-ትምህርቲ ቀጽሪ ክሰራሓላ፣ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ዝያዳ ንምብራኽ ድማ - ገለገሉት ክኦዲድ ኣቐሻኺሮም።

ምሕላቡ ኣብ ንኡስ ዞባ ገለብ ኩይና - ካብ ኪረን ንሽነኽ ምብራቕ ኣስታት 48 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

ባዳ - ኣገልግሎት ኣቁሪጹ ዝጸንሐ ፕሮጀክት ማይ ይጽገን ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ - ምምሕዳር ከባቢ ባዴ ተከላኸዩ ካብ ኣገልግሎት ወጺኡ ኮይኑ ዝጸንሐ ፕሮጀክት ቀረብ ዝበለ ማይ ጸኒና ይግበረሉ ነይሩ። ኣመሓዳሪቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ እድሪስ ገንሸል ሓቢሩ።

እቲ ፕሮጀክት፣ ዝሓለፈ ክረምት ብዘወረደ ብርቱዕ ውሕጅ ነም እተከላኸለ ዝነበረ ኣቶ እድሪስ፣ ኣብ'ቲ ናይ ምጽጋን ሰራሕ - መሳልታዊ 400 ገልቦት ሰብ ይሳተፋ ነይሩሎ ገሊጹ።

ዛንታ ድማ ኒታ ምእጋል ማይ ዝኾኑት ዒላ ካብ ውሕጅ ንምክልኻል፣ 125 ሜትሮ ዝኣመሓቱ ጋቢያን ነይኦም እተሰርሐ ተወሃኺቱ ዒላ ትኳዓት ነይሩ። ናውቲ ጹሒፆ ጸዓት ንምትካል እውን መደብ ነይሩሎ ኣረዳኢ።

ኣብ ካልኣ ዜና፣ ቤት-ጽሕፈት ሃገሙተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፣ ምስ ተመሃሮ ማእለያን ካልኣይን ደረጃ ኣብይቶ-ትምህርቲ ባዴ በርዶሊን ሓወሲ ከተማ ገልዓሎን - ኣብ ምሕያል ውዳበ ዘተኩረ ርክባት ኣቐይዱ።

ሓላፊ ፖሊቲካን ወዳበን መንእሰይ ተኽለ ዘርኢ፣ ኣብ መድረኾዊ ተልእኾ ሃገሙተኤ፣ ተራ መንእሰያት ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ፣ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ተመሃሮ፣ ብዩሲፕሲን ተመረሐም ኣብ ጉዳይ ትምህርትያን ሃገርያን ኪድህቡ ዝነበሮም ተሳትፎ ኣመስጊኑ።

ጋሽ-ባርካ - መነባብሮ ጽጉማት ንምምሕያሽ ጽቡቕ ተሰሪሑ

ኣብ 2022 ኣብ ዞባ ጋሽባርካ፣ ሚዝራ ቁጠባዊ መነባብሮ ጽጉምታ ንምምሕያሹ ምስ ዝተፈለዩ ኣኽቲ ሕብረተሰብ ብምትሕብባር ዝሃነጸን ሰራሕ ነም'ኣሪጦሙ ብ16 ጥሪ ኣብ ዝተቓንዐ ጉጅጋ ጽጉም ጨንፊር ዕዮን ሚዝራዊ ድሕነትን ተገሊጹ።

ብመሳርሒት ኣብ'ቲ ኣኽባ ዝቐረበ ጸብጻብ፣ ልዕሊ 28.6 ሚልዮን ናቕፋ ደበስ ንኡድራ ስመኣት ተኸፊሉ፣ 16 ጽጉምታ ስድራ-ስመኣትን 2 ዝተጣዓነ ተጋደልትን ሓኪሱ ወሪዱን ብልዕሊ 15 ሽሕ ናቕፋ ብዩሮት ተጣዪሹ፣ ልዕሊ 1,600 ካሮታት ተዓዲሎም፣ ኣብ ባረንቱ ብህዝቢ ዝተሃንጸ ኣርነበተ ኣብይቲ ንጎ ተኣለዩቲ ሰኽላን ተረኽቡ። ።

ተጸምኒናይቲ ጨንፊር ኣቶ ተስፉንህሩኤል ንብረስላሴ ንሰኽላን ዝተዓደለ ዘዋሪ ልቓሕ ምምላኡ፣ ብዋነኣ ኣብ ዘይተዓደለ ደበስ መጸናዕቲ ምካየድ፣ ንጥሪታት ዕዮ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ምብርባር . . ካብ ቀንዲ መደባቱ 2023 ምኾናም ኣረዳኢ።

ሚስተር ዕዮን ሚዝራዊ ድሕነትን ወሮ ልኡል ንብረኡቡ ምስ ናይ ሰራሕ መሻርኽቲ ዘሎ ወኃይታ ነጽንዙ ሓገዝ ዝሃነረለም ወሩት ኣቑዲምካ ጸጸይ መጸናዕቲ ነየገረለም፣ ዝሃበር ሓገዙ ኣቐሻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽባርካ ኣምባሳደር ሚሕሙድ ዒሊ ሕፈይ ብመሰ ምምሕዳራት ንጥሪታት ዕዮን ሚዝራዊ ድሕነትን ምስ ቀዳማይነቱም ሰረም ብዕቱብ ክሰርሕሉ፣ እቲ ዝሃበር ሓገዙ - መሳኡሉ ዕቱብ መጸናዕቲን ምትብባሉን ገሊጹ።

ዜና

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፡ መብዛሕትኡ ዋጋታት ፍርያት ሕርሻ ርጉእ ምንባሩ ተገሊጹ

ሚኒስተሪ ሕርሻ፡ መብዛሕትኡ ዋጋታት ፍርያት ሕርሻ ኣብ ሃገርና፡ ብኣንጻሮ'ቲ ኣብ ዓለም ዝተረእየ ቅልወላው መግቢ፡ ካብ 2020 ክሳብ 2022 ርጉእ ምንባሩ ገሊጹ።

ኣብ ሓምሽት ዞባታት ኣብ ዝርጋብ 23 ቑጥጣታት ዕዲጋ ንዕለተ ተኸታታሊ ዓመታት፡ ኣብ ኣእኽል፡ ጥረታት፡ ናይ ቅቡኢ ኣዘርእቲ፡ ኣስሞልቲ፡ ፍረታት፡ ጠሊብባይ ከብቲ፡ መጻዋሪ፡ ደጋሁ፡ እንቋቑኑ፡ ጸብጻ ወጽኢቱን፡ ከምኡ'ውን መሬ ኣብ ዘጠቓልል 54 ዓይነታት ፍርያት ሕርሻ መጽናዕትን ምዝዛን ዋጋታት ነየገር ምእንቲ፡ ዳይረክተር ጀነራል ሰርዓት ሰነራተጅያዊ ሓበፌታ ሕርሻ፡ ኣቶ ተስፋኣለም መሓኹን ሓቢሩ።

ዋጋታት ብሰኽል ኣእኽል ኣብ ሳልሳይ ርብዒ ዓመት 2020 ኣዝዩ ወሲኹ ምንባሩ፡ ኣብ 2021ን 2022ን ግና ነምዝኮደለ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋኣለም፡ እቲ ዝተሓተ ገምጋም ዋጋታት ኣእኽል ዝተመዝገበሉ ኣብ ጥቅምትን ሕዳርን ነምዝበረ ገሊጹ።

ብመላእተ'ቲ መጻናዕቲ፡ ኣብ 2022 ምስ ዝበረ ህጡር ክረምትን ምውሳኽ ሰፍሓት ሕርሻታት ምሩጽ ኣዘርእቲ ስርናይን መሻሽን፡ ኣብ ብዙሕ ክበጣታት ምኑልል ዋጋታት ነምኣተራእዩ፡ ብዋጋም ደማ - ካብ 2020 ንደሓር ዋጋታት ኣእኽል ብ16 ሚኢታዊት ነምዝበየ ተፈሊጡ።

ዋጋ ጥረታት፡ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ ዓመት 2020፡ ብምኽንያት ለዓየ 'ነቫይድ-19' ልዑል ወሰኽ ኣርእዩኳ እንተነበረ፡ ኣብ 2021ን 2022ን ነኽሽ እዩ ተሪእዩ። ኣብ ናይ ቅቡኢ ኣዘርእቲ ግና፡ ብዘይነ'ቲ ኣብ ዋጋ ፋልማይ ዝተረእየ ወሰኽ ክብሃን ስጠቐታን ኣይነበረን። ኣብዚ ሓዝኹዮ ዘሎና ዓመት ደጣ ኣብ ጥረታትን ናይ ቅቡኢ ኣዘርእትን ምንዳል ዋጋታት ክህሉ ትጽቢት ይግበር።

ካብ 2020 ክሳብ መወዳኢታ 2022 ልዑል ክብሃን ስጠቐታን ዋጋታት ዘርእየ ፍርያት ሕርሻ ኣስምልቲ ምንባሩ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋኣለም፡ ብፍላይ ኣብ ድሻቹ ነማይደረን ሸነርጎን ምስ ወቐቲን ቦታን ቀጻሊ ምቅይያር ዋጋታት ይኽሰት ምንባሩ፡ እዚ ንኡ ብሸኽ'ቲ ኣብ ወቐቲ ኣዘመራ ዝበረ ዋሕዲ ዝናብ ምኳን፡ ብኣንጻሩ ብዘይነ ኣብ ማንሰኔ ዋጋ ካልኦት ፍረታት ርጉእ ነምዝበረ ሓቢሩ።

ጸብጻብ ኣፀዱ ስርዓተ-ሓብሬታ ሕርሻዊ ዕዲጋ ነምዝኸቦ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብ ዋጋታት ነብዝን ጠሊብባይን ካብ 11 ክሳብ 15 ሚኢታዊት፡ ኣብ ዋጋ ደርጋ ናይ 28 ሚኢታዊት ምንዳል ክርኢ እኽለ፡ ኣብ ዋጋታት ናይ መጻዎሪ እንስሳታት ግን ብዙሕ ለውጢ ከምዘየጋጠሞ ገሊጹ።

እዚ ነምዝ.ኢ.ኤ እኽለ፡ ኣብ ዋጋ ጸብጻ ወጽኢቱን ዝጥቀስ ምቅይያር ኣይነበረን፡ ኣብ ዋጋ እንቋቑኑ ግና ካብ መወዳኢታ 2021 ክሳብ መፋርቕ 2022፡ ብምኽንያት ሰጽሪት ጨቓቑጥን ደርሃን ልዑል ወሰኽ ኣርእዩ። ካብ ቀረባ መጻኢ ግን ምስ ምዝርጋሕ ሓደስቲ ጨቓቑጥን ደርሃን ምኽሪ ክርኢ ትጽቢት ኣለ።

ዋጋታት ጠሰምን መሬን መጠናዊ ክብሃን ስጠቐታን እናኣርእየ ክመጸእ ምጽንሑ ዝገበረ እቲ ጸብጻብ ብፍላይ መሬ፡ ምስ ምኽሰቐስ ቁፍታት ገበ፡ ኣብ ዋጋታት ካብ ዞባ ናብ ዞባ ፍልልይ ከምዘለዎ ኣረዳኢ።

ኣቶ ተስፋኣለም ኣብ መወዳኢታ፡ ሚኒስተሪ ሕርሻ - ነምዝ.ዓ.ኤ ዓይነት ዛቢፈታ ዕዲጋታት ሕርሻ ኣጋዳሉ፡ ልዑል ብምኻን፡ ሓረስተኛን ካልኦት ዝምልከቶም ኣኽለትን ብምጠንዓ ክጥቀሙሉ፡ ቑጥጣታትን ኣገባብ ዛቢፈታ ዕዲጋ ሕርሻ ገይኦሎ መድኃኒትን ናይ ምሃላኽ መይጠ ሓዙ ነምዝሎ ገሊጹ።

ማእከል - ማሕበር ኣፍረይቲ ንህቢ፡ ውሑስ ቀረብ መዓር ንምርግጋጽ ይሰርሕ

ማሕበር ኣፍረይቲ ንህቢ ዞባ ማእከል፡ ውሑስ ቀረብ መዓር ብርትዓዊ ዋጋ ንምቕራብ ብውጥብ ደሰርሕ ነምዝሎ፡ ጹሓፌ'ቲ ማሕበር ኣቶ ንብረሂወት ፋሰል ዛብረ።

ማሕበርዮም፡ ብሓልዮት ማኒሰትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ኣብ 2009 ነም እተመሳረተ ዝጠቐሰ ኣቶ ንብረሂወት፡ ቡቦዝሉ ክውድቦ ብዘጸንሐ ግብረውን ካልኦ-ሓባውን ስልጠናታትን ካልኣ ዓይነታዊ ደገፋትን፡ ኣብ 2016 ኣሰታት 48 ኩንታል ዘበረ ዓመታዊ እቶት፡ ኣብ 2022 ምስ ብዘሐ. ቁጽሪ ኣባላት፡ እቲ ፍርያት ብልዕሊ 10 ዕጽፊ ክብ ነምዝበለ ኣረዳኢ።

ብኣባላት ማሕበር ዝወሃን ልዕሊ 3 ሽሕ ዘመናውን ባህላውን ቁፍታት ነምዝሎ ብምሕበር ድማ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ዘፍቀደሎም ልዕሊ ሓደ ሄክታር ብኣግራብ ዝተሸፈነ ሕዝኣ ቦታ፡ ኣባላት ተሞኩሮ ንክለዋወጡ ኣጉዳሲ ኣስተዋጽኦ ይገበር ነምዝሎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳኢታ፡ ቡቦዝሉ መጺኡ ኣብ ዕዲጋታት ገቑርብ ዘሎ መዓር ምቑጽጻር ክግበረሉ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ገዚፍ ማሕብራት ኣርባሕቲ ንህቢ - ኣብ ሓደ ሃገራዊ ማሕበር ገዲርጸሉ ባይታ ክጥባኽ ሓቲቱ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቀ.ሰ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ሰ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ — ሰማያዊት ሓይለኣብ
ሳምራዊት ሃብተ — ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ሰ.200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ሰ. 125013 - ቀ.ሳጸ. 1284

ማእከል - ማሕበር ኣፍረይቲ ንህቢ፡ ውሑስ ቀረብ መዓር ንምርግጋጽ ይሰርሕ

ማሕበር ኣፍረይቲ ንህቢ ዞባ ማእከል፡ ውሑስ ቀረብ መዓር ብርትዓዊ ዋጋ ንምቕራብ ብውጥብ ደሰርሕ ነምዝሎ፡ ጹሓፌ'ቲ ማሕበር ኣቶ ንብረሂወት ፋሰል ዛብረ።

ማሕበርዮም፡ ብሓልዮት ማኒሰትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ኣብ 2009 ነም እተመሳረተ ዝጠቐሰ ኣቶ ንብረሂወት፡ ቡቦዝሉ ክውድቦ ብዘጸንሐ ግብረውን ካልኦ-ሓባውን ስልጠናታትን ካልኣ ዓይነታዊ ደገፋትን፡ ኣብ 2016 ኣሰታት 48 ኩንታል ዘበረ ዓመታዊ እቶት፡ ኣብ 2022 ምስ ብዘሐ. ቁጽሪ ኣባላት፡ እቲ ፍርያት ብልዕሊ 10 ዕጽፊ ክብ ነምዝበለ ኣረዳኢ።

ብኣባላት ማሕበር ዝወሃን ልዕሊ 3 ሽሕ ዘመናውን ባህላውን ቁፍታት ነምዝሎ ብምሕበር ድማ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ዘፍቀደሎም ልዕሊ ሓደ ሄክታር ብኣግራብ ዝተሸፈነ ሕዝኣ ቦታ፡ ኣባላት ተሞኩሮ ንክለዋወጡ ኣጉዳሲ ኣስተዋጽኦ ይገበር ነምዝሎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳኢታ፡ ቡቦዝሉ መጺኡ ኣብ ዕዲጋታት ገቑርብ ዘሎ መዓር ምቑጽጻር ክግበረሉ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ገዚፍ ማሕብራት ኣርባሕቲ ንህቢ - ኣብ ሓደ ሃገራዊ ማሕበር ገዲርጸሉ ባይታ ክጥባኽ ሓቲቱ።

ማእከል - ኣጋንእ ማይ፡ ሕጽረት ቀረብ ማይ ኣብ ምቅላል ኣበርክቶ ይገብር

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብፕሮጀክት ዓዲዝሎ ኣብ 2018 ዝተዋደደ ኣጋንእ ማይ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራን ነብኣን ገሸረ ሕጽረት ቀረብ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ኣብ ምቅላል ግቢ ኣበርክቶ ይገብር ነምዝሎ ተገሊጹ።

ኣብ ክፍሊ ማይ ሓላፌ ጨንፈር ጸጎይ ማይ ኢንጂኒር ኣቢል ክፍላይ፡ ኣብ 2022 - ሓደሽ መሰመራት ምዝርጋሕ፡ ዝኦረንን ዝተዓብሱን መሰመራት ምጽጋንን ምትሓኽን፡ ዲጋታታትን መያበራት መጻረዩ ማይን ምክትታል፡ ኣብ መያበራት መጻረዩን መዐደሊ ማይን ዘለዋ ሞተረታትን ፓምፓታትን ምጽጋን ዘጠቓልል ስራሓት ነም እተሰላለ ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ መጻረዩ ማይ ዲጋታት ማይ-ክፍሊን ቧቡርን መጨንገዲ ማይ ሰፃባልን ሓደስቲ፡ፓፓታት፡ ኣብ መያበራት መጻረዩ ማይ-ክፍሊ፡ ቧቡርን ባሊክን ደማ ሓደስቲ ማሽናት ነምእተተኽለ ገሊጹ።

መሰመር ማይ ኣብ ዘለዎ ነብኒ ክቑርብ ንዘጽንሐ ጠሊብ ሓደሽቲ ቁጽርቲ ንምፍታሕ፡ ካብ ሳልሳይ ርብዒ ዓመት 2022 ሰጉምቲ ክወሰድ ነም እተጀመረን እቲ መሰርሕ ቀጻሊ ምኳኑን እውን ሓቢሩ።

ፍረ ጸዕረ

ዓንደመስቀል በርሀ

ሕርሻን መግብን

ወ/ት ኣድያም ነጋሲ

ሕማም ፍሮማይ ከብቲ

ክቡራት ኣምበብቲ ዓምዲ ፍረ-ጸዕሪ፡ ንሎሚ ኣዳሊናዮ ዘሎና ዛዕባ ሕማም ፍሮማይ ከብቲ ኮይኑ፡ ብዛዕባ'ዚ ሕማም፡ ሞያዊ መብርሂ እትህበና ወ/ት ኣድያም ነጋሲ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ጥዕና እንስሳ እያ፣ ሰናይ ንባብ።

ሕማም ፍሮማይ ከብቲ፡ ሓደ ካብ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እንስሳ ኮይኑ፡ ብዓይኒ ክርኣዩ ብዘይክእሉ ደቓቕቲ ታህዋስያን (ቫይረስ) ዝመሓላለፍ ሕማም እዩ። ናብ ሰብ ግን ዘይመሓላለፍ ሕማም እዩ።

ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ሕማም ፍሮማይ ከብቲ

ሕማም ፍሮማይ ከብቲ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ሃገረ ዛምብያ ተራእዩ። ጸኒሑ ድማ 1988 ናብ ሓውሲ ምድረ ቡዳ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃ ከምኒ ሃገረ ግብጺ ኣስፋሕፊሑ። ቀጺሉ ድማ ኣብ 1989 ናብ እስራኤልን ማለዥያን እናኣስፋሕፍሐ ኸይዱ።

ዝርግሐ ሕማም ፍሮማይ ከብቲ ኣብ ሃገርና

ሕማም ፍሮማይ ከብቲ፡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ 1998 ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ከምዝተራእየ ይፍለጥ።

ብኸምዚ ድማ እቲ ተርእዮ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ክሳዕ ኣርባዕተ ወርሒ ናብ መብዛሕትኡን ዞባታት ሃገርና ከምዘስፋሕፍሐ መዛግብቲ ጥዕና እንስሳ ይሕብር። ብፍላይ ድማ ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ ትካላት መፍረ ናይ ጸባ ኸብቲ ብቐሊል ዘይግመት ዕንወት ኣውሪዱ። ኣብ ሃገርና ዋላ'ኳ ዝርገሐ እዚ ሕማም ብሰፊሑ እንተተራእየ፡ ብዝተወሰደ ግዱድ ክታበት፡ ኣብ ዝተወሰነ ቦታን ወቕትን እንተዘይኮኑ፡ ተርእዮ ሕማም እናጉደለ ከምዝኸደ ይፍለጥ። ኣብ ክራማት 2017፡ ንኣስታት 80,000 ከብቲ ክታበት ተዋሂቡ፡ ከም ውጺኢቱ ድማ ኣብ ሓሙሽተ ዞባታት ሃገርና (ብዘይካ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ)፡ ኣብ ኣስታት 42 ከብቲ ጥራይ ሕማም ፍሮማይ ከብቲ፡ ከም ዝተራእየ ይፍለጥ። ከምኡ'ውን ካብ 2018 ክሳዕ 2019 ኣስታት 899,296 ከብቲ ክኽተባ ከለዋ፣ ተርእዮ ሕማም ናብ 27 ከም ዝጎደለ ይሕበር። ዝቐጸለ ዓመታት እቲ ሕማም ኣይተራእየን።

ምልክታት ሕማም ፍሮማይ ከብቲ

በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ከብቲ ኣብ መጀመርታ ዘርእይዎ ምልክት ጸጉሪ ይእሹኽ፡ ልዑል ረስኒ ኣካላት (ልዕለ 41°C) ዝበጽሕ፣ ዓይኖም ይሓብጥን ይነብዕን። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ምሉእ ኣካላት ዝሓመመ ኸብቲ ካብ 0.5 ክሳዕ 5.0 ሰ.ሜ ስፍሓት ዘለዎ፡ ኣብ ውሽጢ ቀርበት ዕንፍሩር ይገብር። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ዕንፍሩር ኣብ ከባቢ ርእሲ፡ ቀፎ ከብዲ፡ ሳንቡእ፡ ክሳድ፡ ጡብ፡ ብልዕትን እግርን ይረኣ። ከምኡ'ውን ማይ ዝመልኣ ሕበጥ ኣብ ከባቢ ክሳድን እግርን ይገብር። ዝሓመመ እንስሳ ይሕንክሱ፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ይገብር፡ ካብ ኣፍንጫ ጸረርታ ጸኒሑ'ውን ናብ ሕፍስ ዝበለ ልዛይ መሰል ፈሳሲ ይቕየር፡ ሸውሃት ዘይምህላው ምስ'ዚ ተታሓሒዙ ከኣ ዕብራን የስዕብ። ኣብ ምልኡ ዘሎወን ከብቲ ምብርዓን ኣብ ሓራሳት ከኣ ምጉዳል ጸባ የኽትል።

ብተወሳኺ ሕማም ፍሮማይ ከብቲ፡ ኣብ ዝራብዓትን ምራኹትን ብርቱዕ ረስኒ፡ ዕንፍሩር ኣብ ቀርበት፡ ሕበጥ ጽክታት ብምኽታል ክሳዕ ሞት የስዕብ።

ዝያዳ በዚ ሕማም ዝጥቅዑ ዓሌታት ከብቲ ከምኒ ሆለስቲን፡ ዘቡን ቡፋሎን ዝኣመሰሉ ኩይናም፡ ብኽቢድ ከኣ ይጉድኡ።

ሕማም ፍሮማይ ከብቲ ዘስዕብ ቫይረስ ኣብ ቁስሊ/ ሕበጥ ቀርበት፡ ኣብ ምራቕ፡ ካብ ኣፍንጫ ዝወጽእ ጸረርታ ከምኡ'ውን ኣብ ዘርኢ ተባዕታይ ይጸንሕ። ብውሑድ ዓቕን ድማ ኣብ ጸባ ይርከብ።

ንፍሮማይ ከብቲ ዝመስሉ ሕማማት ከም ደርማቶፊሎሲስን ዙዕን እኳ እንተሃለዉ፡ ሕማም ፍሮማይ ከብቲ ካብ ካልኦት ሕማማት ንምልላይ፡ ካብ ዝሓመመ ከብቲ ኣብ ቀርበት ዝወጽእ ቁስሊ፡ ፈሳሲ ምራቕ፡ ካብ ኣፍንጫ ዝወጽእ ጸረርታ፡ ከምኡ'ውን ካብ ደም ቅምሶ ብምውሳድ ኣብ ላቦራቶሪ ብምምርማር ክረጋገጽ ይከኣል።

ኣገባብ ምትሕልላፍ ሕማም

ፍሮማይ ከብቲ ከምኡ'ውን ተመሳሰልቲ ሕማማት ከም ብዓል ደርማቶፊሎሲስ፡ ብመንከስቲ ጽንጽያ ይመሓላለፉ። እዚ ሕማም'ዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክራማት እዩ ዝርኣ። እተን ቀንዲ መተሓላለፍቲ ከኣ ጣንጡ እየን። ኣብ ግዜ ክረምቲ ጣንጡ ብብዝሒ ስለዝፈርያ ምትሕልላፍን ምስፍሕፋሕን ሕማም ፍሮማይ ከብቲ ድማ ይበዝሕ። በዚ ሕማም ዝተጠቕዐ ከብቲ ኣብ ፈሳሲ ዘርኢ ቫይረስ ስለዝጸንሕ ኣብ ግዜ ወሲብ፡ ነቲ ቫይረስ ናብ ጥዑያት ከብቲ ከመሓላልፎ ይኽእል። ብቐጥታዊ ምትንኻፍ፡ ካብ ዝሓመመ ኸብቲ ካብ ኣብ ቀርበት ዝወጽእ ቁስሊ፡ ምራቕ ከምኡ'ውን ብምስትንፋስ ናብቲን ጥዑያት ይመሓላለፍ። ብመመገቢ፡ መስተዪ ከምኡ'ውን መደቀሲ፡ እቲ ቫይረስ ካብቲን ሕሙማት ናብቲን ጥዑያት ይመሓላለፍ። መጠን ዝተፈላለዩ ኣገባባት ምድላው ባህርያዊ ድኾሚ ከም ዘለዉ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ናብቲ ኣብ ቤትና ብዝቀለለ መገዲ ከነዳልዎ እንኽእል ኣገባብ ከነብርህ ክንፍትን፦

ኣብ ልዕሊ ባይታ ዝምስራሕ ኮምፖስት/ ባህርያዊ ድኾሚ

ዘድልዩ ጥረ-ነገራት

- ተረፍ-መረፍ መግቢ
- ንቑጽ ቁጽሊ (ከም ኣማራጺ'ውን ወረቕት፡ ብከሚካ ዘይተሰበነ ርሺ ክንጥቀም ንኽእል
- ብፈሳሲ ዝተዳለወ መባኾኦቲ (መበቁላውያን ጠቕምቲ ታህዋስያን)፡ እቲ እንቕርቦ ኣብ ብዝሒ ጉሓፍና ይምርኩስ
- መሸፈኒ ጎማ
- ምምራጽ ምቹእ ቦታ (ኣብ ትሕቲ ጽላል ወይ ማይ ዘይሓልፎ ቦታ እንተኹነ ይምረጽ)
- መሳርሒ፦ መስኡ፡ ጎዘሞ
- በጃ ክዳን፡ እስቲፓሎኒ፡ ጓንቲ፡ ማስክ

ኣገባብ ምድላው፡

- ምጽፍጻፍ ጥሉልን ድሩቕን ጥረ-ነገራት በብእብረ (ምርስራስ ቀጸላታት፡ እዚ ማለት ሓደ ኽፋል ወይ ሓደ ኣፍ ካብ ጥሉል፡ ሰለስተ ኽፋል (ኣፍ) ድማ ካብ ንቑጽ (1፡3) መጠን ዝምድና (Ratio)) ንጥቀም።
ኣብቲ ንቑጽ ክፋል፡ ዕብይ ዝበሉ ጨናፍር ንጥቀም እንተሎና፡ መስርሕ ምብልላዕ ንምቀልጣፍ ምድቓቕም ወይ ምቁርራጾም ኣገዳሲ እዩ፡ እዚ ብዘዳለናዮ ገዚሞ ተጠቂምና ነዳቑቑ፡
- ምዕቃብ ጠሊ፡- ጠሊ ኣብ ምስብባር፡ ምብልላዕ ከምኡ'ውን መስርሕ ብግቡእ ኣብ ምቕጻልን ዓቢ ተራ ኣሎዎ፡
- ኣየር፡- ምግምጣልን ምትሕውሓስን ድማ ኣየር ንኽኣቱ ይሕግዝ፡ ነዚ ድማ ብመስኡ ጌርና ንገማጥሎ።
ብሓፈሻ፡ ምግልባጥ መስርሕ ኮምፖስት ንምቅልጣፍ ከምኡ'ውን ጨና ኣብ ምውጋድ ይሕግዝ፡
- ምፍጣር ረስኒ (ሙቐት)፡- እቲ ጥረ-ነገራት ክበላላዕ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን፡ እቲ ኩምራ ረስኒ እናወሰኸ ይኸይድ። እዚ ምልክት ዕዉት መስርሕ እዩ፡
- ግዜ፡- ብግቡእ መስርሕን ትሕዝቶን ሬሾ ዝተመስረሐ ወይ ዝሓለፈ ኣብ 3 ሰሙን ከምዝኣክል፡
- ምልክት ምውዳእ መስርሕ፡- መስርሑ ዝወድአ ኮምፖስት፡ ጸሊም ወይ'ውን ቡናዊ ሕብሪ፡ ጨናን ረስንን ድማ ዘይብሉ ኹይኑ ከም ኣድላይነቱ ከንጥቀመሉ ንኽእል፡
- መስርሑ ዝወድአ ኮምፖስት፡- መስርሑ ዝወደአ ኮምፖስት፡ ተነፍዩ ኣብ ፕላስቲክ ወይ ማይ ኣብ ዘየሕልፍ መሸማዕ ብምምላእ፡ ማይ ንኽይኣትዎ ድማ ኣብ ውሑስ ቦታ ክነቕምጦ ተመራጺ እዩ።

ክንገብሮም ዝግብኣና ጥንቃቐታት

- ኮሉ ግዜ፡ ጉሓፍ ምስ ዘእከብ፡ እተፈላለየ ጨናን ሃመማን ናይ ምፍጣር ተኽእሎ ስለ ዘሎዎ፡ ክሳዕ ኣብ መዓላ ዝውዕል ብግቡእ ክኽደን ይግባእ፡
- ዘቤታዊ ጉሓፍ ናብ ኮምፖስት ኣብ እንምስርሓሉ እዋን፡ መከላኸሊ በጃ ክዳን፡ ጫማ፡ ጓንቲ ከምኡ'ውን ማስክ ክንጥቀም ኣገዳሲ እዩ፡
- ተኣኪቡ ዝመጸ ጉሓፍ ንኽትፈልዮ ኣዝዩ ኣሸጋርን ግዜ ዝወስድን ኩይኑ፣ ንኻልእ ዘይተደልየ ሕማም'ውን ስለ ዘቃልዕ፣ ጉሓፍ ገና ካብ መበገሲኡ ክፍለ ኣለዎ።

***

ምልባዕ ሕማም ፍሮማይ ከብቲ ኣብ ሓደ ከባቢ ምስዝኽሰት፡ ካብ ኣብ ሓደ ከባቢ ዘለዋ መጓሰ ከብቲ 45% ክሓማ ከለዋ፡ ካብተን ዝሓመማ 2-5% ድማ ይሞታ።

- ኣብ ሓደ ከባቢ ምስ ዝርኣ እተን ዝሓመማ ካብ ጥዑያት እንተዘይተፈልየን ከምኡ'ውን እንተዘይተፈልየን ንምክልኻሉ ዝኾነ ስጉምትታት እንተዘይተወሲዱ፡ ብናህሪ እናተላብዐ ናብ ምሉእ ሃገር ክበጽሕ ይኽእል።
ድሕሪኡ'ውን ጽኑዕ ዝኾነ ናይ ምክልኻል ሚላታት እንተዘይተወሲዱ ንዓ4-5 ዓመት ከይተራእየ ጸኒሑ እንደገና ክቕልቀል ይኽእል።

ኣገባብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን

ንሕማም ፍሮማይ ከብቲ ንምክልኻል መጀመርታ ነተን ዝሓመማ ኸብቲ ካብ ጥዑያት ከብቲ ክንፈልየን ይግባእ። ቀጺልና ምንቅሰቓስ ካብን ናብን ዝሓመማ እንስሳ ምውጋድ። እዚ ድማ ንለብዒ ሕማም የጉድሎ። ጣንጡ፡ እተን ቀንዲ ነቲ ቫይረስ ዘመሓላልፋ ስለዝኾና ዝፈርያሉ ቦታታት ማለት ዕቋር ማይ ጎዳጉዲ ምድፋን ኣገዳሲ እዩ። ነተን ዝሞታ እንስሳታት ድማ ብግቡእ ምቕባር ወይ ምቅጻል ተመራጺ ይኸውን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ናይ ምቅጻል፡ ቫይረስ ኣብ ቀርበት ዝሞተ እንስሳ ንነዊሕ ኣዋርሕ ይጸንሕ እሞ ነቲ ከባቢ ስለዝብክሎ እዩ። ዝተበከለ ቦታ ከም መመገቢ፡ መስተዪ፡ መደቀሲ ጥራት ብጸረ-ነብሳት ተጠቒምካ ክመክን ይግባእ።

በዚ ሕማም እዚ ዝተጠቕዓ ከባቢታት ክታበት ብምክያድ እቲ ሕማም ከም ዘየስፋሕፍሕ ብምግባር ነቲ ሕማም ምቁጽጻር ይከኣል። ነተን ዝሓመማ ከኣ ብተወሳኺ ሕማም ከይጥቅዓ ብኣንቲባዮቲክስ ክፍወሳ ይግባእ።

***

ሕዮ ሕርሻ?

*** ጉሓፍና'ውን ጸጋና'ዩ ኣብ ትሕቲ ዝብል ጽሑፍ፡ ኣብ'ዛ ዓምዲ ብዛዕባ ኣመሳራርሓ ኮምፖስት ወይ ባህርያዊ ድኾሚ ኣምቢበ ነይረ፣ ከም ኣካል ናይዚ ድማ ካብ ዘቤታዊ ጉሓፍ ድኾሚ ክምስራሕ ከምዝኽኣል ተጠቒሱ ኣሎ። ስለዚ ብሕጽር ዝበለ እቶም ዘቤታዊ ጉሓፍ ናብ ባህርያዊ ድኾሚ ንቕይረሎም ኣገባባት እንተተብርሁልና?**

ተኽታታሊ ዓምዲ ፍረ-ጸዕሪ

ብመጀመርታ ስለ'ቲ ተገዳስነትካ ከነመስግነካ ንፈቱ። ሰብ ሞያ ተወኪሰና ዘዳለናዮ መልሲ ሕቶኻ ስዒቡ ይቕርብ።

ጽባቐ

ሃ ማ መ ተ ኤ

ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቁጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቁ.ጸ.ጸስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስሉ።

እምበርዶ ወካዲተይ'ያ?

ደዋሊትቲ፤ ሄለው፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኺ፡ መን ክብል፡ ካበይ ቦታ ትድውሊ ትህልዊ?

ደዋሊትቲ፤ ሰምሃር እበሃል። ካብ ከባቢ ደቀምሓረ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ክሰምዓኪ ሰምሃር?

ደዋሊትቲ፤ ስቕ ኢለ እርበሸ። በዚ መጺኡ ዘይብሎ ፍርሕን ሻቕሎትን ይስመዓኒ። ርእሰይ ድማ ከምዚ ዋላ ሓደ ዘይብሉ ጥርሑ ኮይኑ ይስመዓኒ። ዘልዓልክዎን ዘንበርክዎን ንብረት ይጠፍኣኒ። ሎምዶ ጽባሕ ይገድፈኒ እናበልኩ፡ ድቃስ ምእባይ፡ ሓይሊ ምድካምን ምቅርጣምን ተወሲኽዎ ተሸጊረ ኣለኹ። እንታይ'የ ዝኸውን ዘለኹ? እምበርዶ ብጥዕናይ ኣለኹ ትብለኒ?

ኣማኻሪ፤ ኣጆኺ ሰምሃር። ርግእ'ሞ በለ። እዞም ስምዒታት ክንደይ ገይሮም ኣለዉ?

ደዋሊትቲ፤ ትሸዓተ ኣዋርሕ ኮይኑ ኣሎ። ዝያዳ ግን ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ'የ ገዲዱኒ።

ኣማኻሪ፤ እዚ ጉዳይ ብኽመይ ጀሚሩኒ ትብሊ? ማለተይ እንታይ ፍሉይ ዘጋጠመኪ ኩነታት ኣሎ ድዩ?

ደውሊትቲ፤ ከስተብህለሉ ካብ ዝጅምር ድሕሪ መገሻ ብዓልቤተይ'የ። ንሱስ ደሊኡ ምኾነ ኪኢለየ ነይረ። እቲ ቀንዲ ዘሸግረኒ ግን ባህርያት ወላዲተይ'የ። ክንዲ ከም ውላዳ ኣጆኺ ትብለኒ፣ ኣበይ ኣሎ ኣበር ብምባል ቁጺራ ቁጸጺራ ተቋሸሸኒ። ብሓፈሻኡ ከም ወላዲት ክትኮነለይ ኣይከኣለትን። ንገዛይ ከምዚ ክትቋየቑኒ ዓጢቓ እትመጽእ ኮይኑ'የ ዝስመዓኒ። ናተይ ጽቡቕ'ውን ዘሕጉሳ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ጠንቁ ብዘይርድኣኒ ሃንደበት ብማይ ቀጠነ ትህውኸንን ዓቕለይ ተጽብበለይን። ንዓይ ከም ሓንቲ ዘይትረብሕ ገይራ'ያ ትቑጽረኒ።

ኣማኻሪ፤ እትገልጾለይ ዘለኺ ባህርያት ወላዲትኪ ካብ መዓስ ኣስተብሂልክሉ? ምስ ካልኣ ሰብ ዘለዋ ዝምድናኸ ብኽመይ ትገልጾዮ?

ደዋሊትቲ፤ ኣደይ ካብ ቀደማ ሓያል'ያ። ቅድሚ ሓዳር ምግባረይ ይጸወራ ግዲ ነይረ ኮይነ ኣይርድኣንን'የ ነይሩ። ሕጂ ግን ኣብዚሓቶ፡ መራሩኒ። መበገሲ ዘይብላ ኣብ ቅድሚ ብዓልቤተይ ይኹን ካልኣ ሰብ ከም ሓንቲ እንዶ ዘይብላ ብሃም ትሸደኒ። ስለትድህለኒ ድማ ዕንድ'የ ዝብል። ባህርያታ ንዓይ ስምዑኒ በሃሊት ስለ ዝኾነት ምስ

ካልኣ ሰብ'ውን ዘሕጉስ ዝምድና የብላን።

ኣማኻሪ፤ ሰምሃር፡ ዕድመኽን ኩነታት ጥዕናኽንዶ ምሓበርክኒ?

ደዋሊትቲ፤ እዚ'ሞ ምስ ዕድመ እንታይ ዘተኣሳስር ኣለዎ? ቅድሚ ሕጂ ድማ ብጥዕናይ ተሰኪፈ ኣይፈልጥን'የ።

ኣማኻሪ፤ ሰምሃር፡ ምስ ዕድመን ጾታን ዝዛመዱ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ስለ ዘለዉ'የ ዝሓተኪ ዘለኹ። ንኣብነት፣ ኣብ እዋን ክትሞ-ጻግነ ተመሳሳሊ ስምዒታት ክፍጠር ስለ ዝኽእል ክፈልጥ ኢለ'የ። ብተወሳኺ ካልኣ ዘይተለለዩ ሕዱር ሕማማት ተመሳሳሊ ስምዒታት ክፈጥሩ ስለ ዝኽእሉ'የ ሓቲተኪ።

ደዋሊትቲ፤ እህህ፡ ናቱስ ጸገም የብለይን ንቡር'የ ዘሎ። ዕድመይ ድማ 35 ዓመት'የ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ፡ እንቋዕ ኣይተጸገምኪ። ብዓልቤትኪ ነዚ ጉዳይ ከመይ'የ ዝርድኦ?

ደዋሊትቲ፤ ብዓልቤተይ ከይሸገር ኢሉ ብዙሕ ዲል ክህበኒ ኣይደልን'የ። "ወላዲትኪ እንድያ፡ ንስኺ ኢኺ ትጾርያ፣ ኣጆኺ ንኾሉ ብፍቕሪ ኢኻ ትሰዕሮ፡" ብምባል ኮሉ ግዜ ከህድኣኒ'የ ዝፍትን። ብእኡስ ኣምላኽ ይመስገን ቅስንቲ እየ። ናይ ኣደይ ነገር ግን ኣዝዩ'የ ዘሕርቕኒ። ሓደ ሓደ እዋን ድማ ከም ወላዲት ዘይምኳና ይገርመኒ።

ኣማኻሪ፤ ብዓልቤትኪ ኣብ ጎንኺ ኮይኑ ኣይትሸገሪ ብምባል ብሞራልን ሓሳብን ክሕግዘኪ ምኽኣሉ ከተስተብህልሉ ዝግባእ ዓቢ ብልጫኺ'የ።

ደዋሊትቲ፤ እወ ንሱስ ሓቅኻ። ዝጉደለኒ ጥራይ እርኢ ስለ ዘለኹ'ምበር፡ ብዓልቤተይሲ ኣተዓባብየ ክርእዮ ከም ዘይብለይ ጥራይ ስለ ዝምዕደኒ፡ ብእኡ ክሓስብ ዕድል ኣይህበንን'የ።

ኣማኻሪ፤ ብዘይካ ብዓልቤትኪ ምስ ካልኣ ሰብ ተዛሪብክሉ ትፈልጢዶ?

ደዋሊትቲ፤ ሓቂ ይሓይሽ ብወገነይ ከገፋፍሖ ስለ ዘይደለኹ፡ ብዘይካ ምስ ብዓልቤተይ ምስ ዝኾነ ሰብ ኣልዒለዮ ኣይፈልጥን'የ። ሕጂ ዝድውል ዘለኹ'ውን ምስዚ ዝስምዓኒ ዘሎ ምልክታት ገለ ናይ ጥዕና ጸገም ገይረ ከይህሉ ስለ ዝተጠራጠርኩ'የ።

ኣማኻሪ፤ ንሱ'ሞ ግርም ገይርኪ። "ሓባእ ቀኑሉ ሓባእ ፈውሱ" ስለ ዝኾነ፡ ምዝራብ መፍትሒ ኣለዎ። ኣእምሮ ምስ ዘይቀስን ነጸብራቑ ኣብ ኣካልና ስለ ዝርኡ ከሰክፈኪ ባህርያዊ'የ። መብዛሕትኡ ዝስመዓኪ ዘሎ ስምዒት ምስ ወላዲትኪ ዘለኪ ናይ ኣተሓሳሰባ ፍልልይ ዘንቀሎ ናይ ሻቕሎት ስምዒት'የ። እዚ ድማ እቲ ጠንቂ ፍልልይ ብምጽባብ ንምፍዋሳ ወሳኒ ረቓሒ'የ። ስለዚ ከይገፍሓኒ ጥራይ ኢልኪ ብምሕሳብ ንበይንኺ ምሽጋር መፍትሒ ክኸውን ኣይክእልን'የ። ምኽንያቱ፡ ንዓኺ ዘሸግረኪ ጉዳይ ምስ ካልኣ ሰብ ምልዛብ ካልኣ ኮርናዕ መረዳእታ ንምፍጣር ሓጋዚ'የ። ይኹን'ምበር ብዓይኒ ጥርጣረ ጠሚትኪ፡ ኪንፍሑለይ ይኽእሉ'የም ዝብል ሓሳብ እንተ ዓብሊሉኪ ንተራ እወታውያን ሰባት ዝዕንቅጽ ኣተሓሳሰባ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ካልኦት ክንረኽቦ ዝግባእ ሃናጺ ሓሳባት ከምልጠና ይኽእል'የ። ምኽንያቱ ነገራት ኣብ ምምእዛን ብዙሕ ዓቢ፡ ለባምን ኣማእዛንን ሰብ ከም ዘሎ ዝክሓድ ስለ ዘይኮነ'የ። ወላዲትኪ ድማ ምስ ምሉእ ጥዕናኣ እንከላ፡ ኮነ ኢላ ትገብሮ ኣላ ኢልካ ክትሓስብ ዘድፍር ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ፡ ኩነታት ብምስትብህል ሓገዝ ዘድልያ ትመስል። ስለዚ ምስ ዓቢይትን ለባማትን መኺርኪ ምኽሪ ወይ ሓገዝ ንኽትረክብ ምልዛብ ኣገዳሲ'የ።

ደዋሊትቲ፤ እንድዒ ወደይ! ሓዳር ምግባረይ ኣቑኒእዋዶ ይኸውን?

ኣማኻሪ፤ እንታይ ኮይና ድኣ ብሓዳር ውላዳ ትቑንእ?

ደዋሊትቲ፤ ኣደይ ብሰንኪ ሓያል ባህርያታ ቀልጢፉ'ያ ካብ ሓዳራ ተፈላልያ። ክሳብ ሕጂ ድማ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝተራኸብዎ'ዮም ዝጋጨዉ። ስለዚ ሓዳረይ ጽቡቕ ስለዝኾነ ዘሐጉሳ ኮይኑ ኣይስምዓንን።

ኣማኻሪ፤ ከም ዝሓበርክኒ ባህርያት ወላዲትኪ ምስ ካልእ'ውን ዘሳንያ ኣይኮነን። ስለዚ ሕጂ'ውን ምስትብህል ዝጠልብ'የ። ኮሉ ገዲፍና ቀኒኣ እንተኢልና፡ ከምዚ ዓይነት ቅንኢ ናይ ጥዑይ መንፈስ ወይ ኣእምሮ'የ ክበሃል ዝከኣልዶ ይመስለኪ? እሞ ኾኣ ንውላዳ! ሸሕ'ኳ ኣብ ንእስነታ ብዘገጠማ ፍትሕ ዘፈጥረላ፡ ውሽጣዊ ጸቕጢ ካብ ምስትውዓላ ወጻኢ እተንጸባርቐ ሃዋኺ ባህሪ ክህልዋ ዝኽእል እንተኾነ፡ ኩነታታ ብግቡእ ዝርድኣላን ዘረድኣን እንተረኺባ ግን ባህርያታ ንኽተስተብህሉን ንኽትልውጥን ሓጋዚ'የ።

ደዋሊትቲ፤ እንታይ ደኣ'ሞ ክብል'የ! እዝግሄር ጸሊኡላ እዩ'ምበር። እንታይ'ሞ ክገብር! ናተይ ድዩ ናታ ክሓስብ። ኣብ ገዝኣ ተሰቲራ ኮፍ እንትትብለለይ ከኣ ጸገመይ ምኽኣልኩ።

ኣማኻሪ፤ ነገራት ስለ ዝተሓብኡ ዘይኮነ ስለ ዝተቐልዐ'ዮም ዝመሓደሩ። ናይ ኣደን ውሉድን ምትእስሳር ድማ ዝልወጥ ወይ ዝቐየር ኣይኮነን። እቲ መሰረታዊ ክበርህ ዘለዎ ስለምታይ'የ እዚ ዓይነት ባህሪ ዘጋጥም ዘሎ ምፍላጡ ኣገዳሲ'የ። ሓደ ካብቶም ረቓሒታት ወላዲትኪ ኣብ ሕሉፍ ኣብ ሓዳር ዘይምዕዋታ ዝፈጥረላ ጸቕጢ ኣብ ባህሪኣ ኣሉታዊ ስምዒታት ክፈጥር ይኽእል'የ። ስለዚ ስምዒታ ዝቕስቅስ ኩነት ኣብ ዝፍጠረሉ ክርድኣ ዝኽእል እንተዘይተረኺቡ፡ እተርእዮ ባህሪ ንገዛእ ርእሳን ከባቢኣን ክርብሽ ይኽእል'የ። እምበኣር ዝኾነ ጉዳይ ኣብ ህዋ ክፍጸም ዝከኣል ኣይኮነን። ናይ ሓደ ባህሪ ኑቲ ሓደ ክጸልዎ ድማ ግድን ይኸውን። እዚ ድማ'የ ባህርያት ወላዲትኪ ክጸልወኪ ዝኽእል። "እንተዘይትንውንወኒ መን መጽደፈኒ" እዩ ነገራቱ። ስለዚ ሓደ ሰብ በይኑ ሓያልን ቅኑዕን ኮይኑ ምስ ካልእ ሰብ ብግቡእ ክላዘብ እንተዘይክኢሉ ኩነታቱ ደሓን ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። መጀመርያ ንወላዲትኪ ብልዙብ ኣገባብ፡ "እወ ሓቅኻ፡ ክመስለክን ክርደኣክን ይኽእል'የ፣ ንዓይ ግን ከምኡ ኣይመስለንን ኣይተረድኣንን፡" እናበልኪ ምዝርራባ ንኽትቀራረባ ሓጋዚ ስልቲ'የ። የሸግሩና ኣለዉ ኢልና እንሓስቦም ሰባት ኮነ ኢሎም ከሸግሩና ስለዝደለዩ ዘይኮኑ፡ ስለ ዝተሸገሩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እምበኣር ባህርያት ወላዲትኪ ኣብ ቦታኣ ኪንኪ ክትርእይዮ እንተፈቲንኪ ጸገማታ ጉሊሖም ክርኣዩኺ ስለዝኽእሉ ብሰንካ ወሪዱኒ ኢልኪ እተሓስብዮ ጸቕጢ ንምጉዳል ሓጋዚ'የ። ብኻልእ ወገን ክእለት ሰባት ከም ዝፈላለ ብምርዳእ፡ "ኣዘረርባ'ያ ዘይክኣለቶ'ምበር ኣብ ልዕለይ ጽልእን ቅርሕንትን ስለ ዘለዋ ኣይኮነትን" ኢልኪ ክትሓስቢ ምኽኣል፣ ንሓሳብ ብሓሳብ ንምስዓርን ካብ ጸቕጢ ዘገላግል ኣገባብን'የ። ክንዮ ዓቕምኺ ምስ ዝኸውን ንዘያዳ ሓገዝ ኪኢላታት ጥዕና ኣእምሮ ምንዳይ ካልእ ኣማራጺ'የ።

ደዋሊትቲ፤ ሓደ ሓደ ግዜ ደኣ ንሕና'ውን ብጥዕናኣ መዓስ ዘይንጠራጠር ኳንና። "ደፊርክናኒ፣ እንታይ ጸገም ኣለኒ፡" ከይትብለና ስለ እንፈርሕ ኢና'ምበር ዘየሻቕለና መዓስ ኮይኑ።

ኣማኻሪ፤ ስክፍታኺ ንምቕንጣጥ፡ ሕልሚ ፈሪሕኪ ከይደቀሰኪ ካብ ምሕዳር፡ ባህርያት ወላዲትኪ ንምእላይ ዓቲብኪ ምሓዙ ከድልየኪ'የ። ክንላዘበሉ ከም ዝጸናሕና፡ ኣተሓሳስባኺ ብእወታ ብምቕናይ ህይወትክን ህይወት ወላዲትክን ንምምእዛን ሓጋዚ ሓሳብ ቀሲምኪ ክትኮኒ ተሰፋ እንብር።

ደዋሊትቲ፤ ሓቅኻ፣ ኣነ'ውን ብናተይ ሓሳብ ጥራይ ክርድኦ እየ ጸኒሐ። ሕጂ ግን ድሓን፡ ክእለት ይሃበኒ። ዝከኣለኒ ክጽዕር'የ። ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪ፤ ብሩኽ መዓልቲ ንኹልና።

ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

ክፍተ ተኺሉ

ሓደ እዋን፡ ንወዲ ጓሉ ልቦና ከስንቕ ዝሓሰበ ኣቦ፡ ንወዲ ጓሉ ጸዊዑ ምስኡ ኮፍ ክብል ዓደሞ።

"ኣቦይ ድሓን ዲኻ? እንታይ ኢኻ ደሊኻኒ?" ሓተተ ተሃንጥየ።

"ሓደ ዘሕሰበኒ ዘሎ ነገር ክነግረካ ደልየ።"

"ጽቡቕ ሕራይ ንገረኒ፡" መለሰ ንዓሚቕ፡ ዕላል ኣቦሓጎኡ ብኣተኵሮ ክሰምዕ እናተደላወ።

"ኣብ ውሽጠይ ክልተ ተኺሉ ዘሎውኒ ኩይኑ ይስመዓኒ ኣሎ፡" በለ ኣቦሓጎ።

"ክልተ ተኺሉ?"

"እወ ክልተ ተኺሉ። እቲ ሓደ ተኾላ ቁመኛ፡ ሓራቕ፡ ተጓራፋጢን እዩ፣ እቲ ሓደ ኾኣ ፈቃርን ሕያዋይን እዩ።"

"እሞ ኣይናይ ክስዕር ኢኻ ትደልዮ፡" ክብል ሓተተ እቲ መንእሰይ።

"እቲ ዝያዳ ዝቐለብኩዎ፡" ክብል መለሰ ኣቦሓጎኡ።

ሱራፌል ተ.

inspirationalstories.com



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ዛንታ

ፍርሂ

ስመይ ዳንኤል እበሃል። ተማሃራይ ሻድሻይ ክፍሊ ኮይነ ኣብ ትምህርቲ ካብቶም ንፉዓት እየ። ካብቲ ሓሙሻይ ክፍሊ ብልጫ እናወሰድኩ ትምህርተይ ብጉበእ ተኸታቲለ። ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት ድማ ብልጫ ንኽወስድ ኣብርቲዐ እጽዕር ኣለኹ። ዕድመይ ዓሰርተ ክልተ እዩ። መልክዐይ ቀይሕ ኮይነ ርጉድ ዝበልኩ ነዊሕ እየ።

ሎሚ ዓርቢ እዩ። ዓርቢ መወዳእታ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ እያ። ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተፈደስኩ ምስ ደቂ ገዛውተይ ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበልና ኣብ ቤትና በጻሕና። ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ገዛና ቀረባ ስለዝኾነ ብዓሰርተ ደቒቕ ኢና ንበጽሓ። ገዛ ኣተኹ። ክልተ ኣሓዋተይ ኣብ ገዛ ኣይርከቡን። ናይ ድሕሪ ቀትሪ ተማሃሮ ስለዝኾኑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ነበሩ። ንማማ ኣብ ኢዳ ተሳሊመ ዱኽዒይ ኣውጺአ ኢደይን ገጸይን ተሓጺበ ተመሳሕኩ።

ተመሳሒ ሓደ ሰዓት ደቂሰ ተንስእኩ። ከም ናይ ኩሉ ግዜ መደበይ ሓደ ሰዓት ተጻዊተ ንገዛ ተመለስኩ። ቤትና ኣርባዕተ ብኣርባዕተ ሜትሮ ኮይና፡ መንደቕ ገዝና ብናይ ሓመድ ጡብ ዝተሰርሐ እዩ። ሰሚዪ ሕብሪ ድማ ተለኺዩ ኣሎ። ዚንጎ ናይ ገዛና ኣረጊት ስለዝኾነ ኣብ ግዜ ጸሓይ ብርሃን ኣብ ግዜ ክረምቲ ድማ ማይ የሐቱ እዩ። ማዕጾ ቤትና ብዚንጎ ዝተረፍዐ ኮይኑ ብዙሕ ዘተኣማምን ኣይኮነን። ማእከል ቤትና ንኽልተ ኣኽፊሉ ብናይ ቴና ሓጺን ዝተሰርሐት እያ። ኣብ ቤትና ዘሎ ዓበይቲ ንብረት፡ ክልተ ዓራት፡ ሓንቲ ፈስቶ፡ ናይ ቅድም ሳሎን - እዚኣን እተን ዝጥቀሳ ንብረት እየን። ከም ኩሉ ሰብ ድማ ጀሪካ፡ ማንካ፡ ፋርሕ፡ ፒርመስ፡ ፈስቶ… ኣለና። ኣብ ቤትና ንኹሉ ሰብ ዘየረሕዩ ደስ ዘብል ፍቕሪ ስድራ ነውንን። ኣዚና ኢና እንፋቐር። ንስድራይን ገዛን ፈቲኹማ ክትዘኻ ተስፋ እገብር።

ተጻዊተ ምስ ተመለስኩ ማማ ንበይና ጸጉራትኡ፡ ሰላም ኢለያ ኣብ ሳሎን ኮፍ በልኩ።

ማማ ናብይ ገጻ ጠመተት። ጽንሕ ኢላ "ዳንኤል ወደይ ናይ ሎሚ መኻ ዘርኻዮ ኣለኻ?" ክትብል ሓተተትኒ።

ማማ ቀያሕ ኮይና ኣብ ግንባራ ሃሳስ መስቀል ኣላታ። ጸጉሪ ርእሳ ነዊሕ እዩ። ማማ ከማይ ኣይተማሃረትን። ቅጥን ዝበለት ነዋሕ ሰበይቲ እያ። ማማ ክትፍተወካ መምህርቲ እያ። ኣዕሩኽተይን ደቂ ገዛውትናን ንማማ ኣዚዮም እዮም ዘፈትውዋ።

"እወ ማማ ሓቢረያ ኣለኹ። ሕጂ ዲኺ ክትጠብሲ?" ሓቲትክዋ ዓይኒ ዓይና እናጠመትኩ።

"እወ እዚ ወደይ ከምታ ዝበልኩኻ ንሎሚ ድራርን ንጽባሕ ምሳሕን ዝኸውን ጸብሒ ኣዳልየልኩም ኣለኹ። ጸብሒ ናይ ምኸኑ ክምስስ ስለዝኾንኩ ኩሉ ናግሳ እዩ። ዳንኤል ወደይ ካብ ኩሉ ሓዊ ኣይትወልዕ። ዝኾነ ዝኾነ እንተሎ ንኣዴኻ ምሕረት ሓባቢ በሉ። ንሳ ክትሕግዘኩም እያ። ክረያ ስለዝኾንኩ ክይተኸፍትኩም ሕተቱኒ" ኣቕሒቱ ገዛ ክተሳእል ጀመረት።

"ድሓን ጽቡቕ የለን ማማ። ኩሉ ኣዳሊኽልና እንዲኺ። ኣነ ድማ ከቕርቦ እየ። ብዙሕ ኣይትሻቐሊ" ማማ ክትሻቐል ኣይደለኹዋን።

"እወ እዚ ወደይ ንምጅማርታ ግዜ እንድሪፈኩም ስለዘኾነ ከይትፈርሁ ተኸላፊ" ማማ ሓቢረይ ሰክፍታኣ ገለጸት።

"ማማ ሓቢረይ ኣጆኺ ዘፍርሀ የብልናን። ገዛ ዕጹው ኣብልና ጠጥ ክንብል ኢና። እንታይ ከይኸውን ፈሪኺ? ኣሕ ስብኣይ ኮይነ ኣለ"

ማማ ከይትሻቐል ተዋዘኹዋ።

"ኣያይ! ዳንኤል ወደይ መግንጢ መሲሉ ኣሎ" ክምስ በለት። ቀጺላ "ናይ ብሓቂ ክትከላኸለ ኢኻ?" ብዓይኒ ፍቕሪ ጠመተትኒ።

"እወ! ጽቡቕ የለን ኣጆኺ ማማ ምፍራህ ዝበሃል የለን" ሓይለይ ንኸርኢ ክልተ ኣእዳወይ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢለ ቀጽዕመይ ከርኢ ደለኹ።

"ሕራይ እዚ ወደይ ሕጂ ኣነ ክኸይድ። ንስኻ ድማ ዝጸንሐ እንተለኻ ጥራዝካ ርአ። ኣሕዋትካ ክሳብ ዝመጽኡ ወራይ ትምህርትኻ ግበር" ክዳውንታ ናብ ምድላይ ኣተወት።

ኣነ ድማ ከም ዝበለትኒ ጥራዘይ ገጺለ ክንብብ ጀመርኩ።

ማማ ክዳውንታ ቀያሪ ወጺኣ። ግዜኣ ኣኺሉ ንመኸ ተበገሰት። ክትከይድ እንከላ ብዙሕ ምኽሪ ሂባ ኣብ ማዕጾ ሰፊማ ካብ ገዛ ወጸት።

ኣነ ድማ ብሰላም ክትምለስ እናተኸለኽኩ ሕቖፍ ኣቢለ ኣፋነኹዋ።

ማማ ካብ ገዛ ወጸት።

ንበይነ ኣብ ገዛ ተረፍኩ። ጥራዘይ እናኸጸልኩ ኣሕዋተይ ክጽበ ጀመርኩ።

ሰዓት ሓሙሽተን ፈረቓን ኣኾላ። ክልተ ኣሕዋተይ ካብ ትምህርቲ ተፈዲሶም ተመሪራሖም ናብ ገዛ ኣተዉ። ኣሕዋተይ ኣብልን ሳራን ይበሃሉ።

ኣብል ምንኣስ ሓወይ እዩ። ራብዓይ ክፍሊ ድማ ይመሃር። ሳራ ምንኣስ ኣብል ሓወይ እያ። ካልኣይ ክፍሊ ድማ ትመሃር። ክልቲኦም ኣሕዋተይ ኣብ ትምህርቶም ንፉዓት እዮም።

ገዛ ምስ ኣተዉ ብዛዕባ ትምህርቲ እናዕለልና ጠዓሞት በላዕና። ጠዓሞት ምስ በላዕና ክልቲኦም ንኽጻወቱ ኣብ ገዛ ገዲፎምኒ ወጹ።

ንበይነይ ኣብ ገዛ ተረፍኩ። ብኸመይ ከም ለይቲ ከንሕድሮ ከም ዘሎና መደብ ከውጽእ ጀመርኩ። ኣብ ሓሳብ እንከለኹ መሬት እናጸልመተ ይኸይድ ኣሎ። ብወሽጠይ ድማ ገለ ፍርሒ ክስምዓኒ ጀመረ። ሓቂ ንምዝራብ ጸልማት ከፍርሃኒ ጉዳም እዩ።

ኮፍ ኢለ ሰቕ ኢለ እሓስብ። ካብቲ ዝሓሰቦ ኣብ ሕንጉጉ መጺኡ ክበልዓኒ ደርጓዕ። ናይ ኣብ ሕንጉጉ ዕላል ከፍርሃኒ መዓት እዩ። ኣብዚ ለይቲ እዚኣ ድማ ኣብ ሕንጉጉ ዝርአዮ ኮይኑ ተሰምዓኒ።

ጽንሕ ኢለ ሰይጣን መጺኡ ከወስደኒ ደርጓዕ።

በቃ ሰቕ ኢለ እሓስብ። ዘይኸውን ሓሳብ። እዛ ለይቲ ከመይ ከምትሓልፍ ደንገርገር በለኒ።

ካብቲ ኮፍ ኢለሉ ዝበርኩ ተንሲአ ካብ ገዛ ወጻእኩ። ናብ ጎረቤትና ማማ ምሕረት ከድኩ። ማዕጾ ኳሕኩሕ ኣብ ኣፍደገ ደው በልኩ። ማማ ምሕረት ከም ናይ ኩሉ ግዜ ንበይና ኣብ ገዛ ነበረት።

ማማ ምሕረት ሄላ መንደቕና ዘለዋ ሰበይቲ ኣደ እያ። ዕድመኣ እንተዘይፈለጥኩዎ ክሳብ ሕጂ ኣይወለደትን። ንሳ ድማ ከም ደቃ ደርእየና። ኣነን ኣሕዋተይን ኣዚና ንፈትዋ።

"ዲ. ወደይ ከመይ ኣምሲኻ?" ሓቲታኒ ናባይ ገጻ እናጠመተት።

"እግዚኣብሄር ይመስገን ማማ ምሕረት" መለስኩላ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢለ።

ይቕጽል

ደብዳበ ካብ፡ ኣቦሓጎይ

ዝተፈቶኹም ደቀይ ከመይ ቀኒኹም? መርመራ ናይ ቀዳማይ ሰሚሰተር ከመይ ተዛዚሙ? ብዓል ምእንቲ ተስፋ እየ መርመራ ብሕጉስ መንፈስ ዛዚምኩም ክትከዱ። ኣብ ኩሉ ህይወትኩም ሰላም ክትህልዉ ናይ ወትሩ ጸሎተይ እዩ። ቡኡ ከም ልሙድ ሎሚ ድማ ደብዳበ ሰዲደልኩም ኣለኹም ሰናይ ንባብ!! ደቀይ ብሩኻት ኣንቢብኩም ድማ ኣብ ተግባር ኣውዕልዎ።

ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ፡ ናብ ገዛ እናኸድኩ እንከለኹ ኣብ ሓደ ጽሙው ጉደና፡ ክልተ ተማሃሮ ዲቪዥ ተኸዲኖም፡ ቦርሳ ተሰኪሞም ቅድመይ ይኸዱ ነበሩ። ካብይ ገለ ሰራ ሜትሮ ርሒቖም ነበሩ። ኣነ ድማ እታ መገዲ ዓቐብ ስለ ዝኾነት ብቕልጡፍ እናደፋእኩ ደድሕሪኦም ተኸቲለዮም። ኣብ ጥቓኦም ምስ በጻሕኩ ዓው ዓው ይብሉ ከም ዝነበሩ ፈለጥኩ። ኣብ ዲቕ ዝበለ ክትዕ እዮም ነይሮም።

ሃንደበት እቲ ሓደ ነቲ መሓዛኡ ብጸፍዒት ገጹ ኣለዮ።

ሰንቢደ ናብኦም ገጸይ ጎየኹ።

እቲ ካልኣይ ተጠዊዩ ብኽልተ ኢዱ ንኽሌታ ሃሪሙ ብምሓዝ ብርእሱ ኣብ ኣፉ ቴስታ ሃረሞ።

ኣነ ናብኦም ቀረብኩ።

ባእሲ ቀጸሉ። ቦርሳኦም ደርቢዮም ምትህርራም ቀጸሉ። ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ቆልዑ ከተዓዘብዎም ጀመሩ። ክልቲኦም ባእሲ ክቕጽሉ ወጠጥ ኮኑ። ኑታ ጉደና ዋጭዋጭ ኣብልዋ። ወይ ጉድ ትግሪሙዶ ኣለኹም!!

ኣነ ድማ ናብኦም ቀሪበ ከኑተቶም ተጓዓዝኩ። እቲ ብቴስታ ዝተሃርመ ላዕለዋይ ከንፈሩ ተጀሊዑ ይደምዕ ነበረ።

እቲ ዝተጸፍዐ ምዕጉርቱ በርበረ መሳሉ ነበረ። ኣብ ርእሱ ኣብ ጸጋማይ ምዕጉርቱ ተፈሓጺሩ ርእኹዎ።

ብኽንደይ ሓይሊ ሰቕ ምስ በሉ። መጕሰኦም ክላትት ናብቲ ዝተባሕጨረ ቀረብኩ።

"ብሩኽ ወደይ እንታይ ኴንኩም ድኣ ተባኢስኩም?" ሓቲትክዎ ነቲ ዝተባሕጨረ ገጹ እናጠመትኩ።

"እዚ ሰቕ ኣሉ እዩ . . . ዋላ ሓንቲ ኣይፈልጦን እዩ። ካብ ማሲ ሮናልዶ ይፍዕ እኳ'ዩ ኢሉኒ። ማሲ ዋንጫ ዓለም ወሲዱ እንከሎ ሮናልዶ ይበል!? ማሲ መጻልእ" ተዛረበ እቲ ተማሃራይ። ኣብ ሰሚኒት ኣትዩ ይዛረብ ነበረ።

"ማሲን ሮናልዶን እንታይ እዮም? እትመሃርዎ ዓይነት ትምህርቲ ዶዩ?" ገሪሙኒ ሓቲትክዎም።

እቲ ተማሃራይ ዝበረ ንኽመስል ኣፉ ገጺጹ፡ "ኣቦይ ናይ ብሓቂ ኣይትፈልጥዎምን ኢኹም!?" ከም እተገረመ ይፍለጥ።

"እወ'ዚ ወደይ ማሲን ሮናልዶን ዝበሃሉ ሰሚዐ ኣይፈልጦምን እየ" ከምዘይፈልጦም ሓቢርክዎም።

"ኣቦይ ማሲን ሮናልዶን ተጻወትቲ ኩዑሶ እዮም" ከይተገደሰ ተዛረበ።

"እንታይ ድኣ እቲ ሰጦም ናይ ካልእ ዝማሰሉ ኤርትራውያን ደዮም?" ገሪሙኒ ሓቲትክዎም።

"ኣቦይ ኤርትራውያን ኣይኮኑን። ናይ ዓለም ተጻወትቲ እዮም" ዝፍቕሪ ይመስል።

"እዞም ዝልኣኽዎም ንኻኹም ይፈልጡኹም ደየም?" ሕቶይ ቀጸልኩ።

"ድሓን ኣቦይ ኣይፈልጡናን እዮም" ገጹ ኣሰሩ፡ ዝኾረዮ ይመስል።

"እሞ እንታይ ዘቖስ ኣሎኩም ድኣ? እዚ ኩሉ ባእሲ ብኸነሶ እዩ?"

"ማሲ'ኳ ዋንጫ ወሲዱ እዩ። ብማሲ ዝመጽኣና ድማ ኣይፈረቱን እዩ" ኣእዳዉ ንጸው ኣበሰኒ።

ብምልሱ ተገሪምኩ። ናብቲ ከንፈሩ ዝተሃርመ ድማ ኣበልኩ።

ቅርብ ኢለ "እዚ ወደይ እንታይ እዩ ኣባኢሱኩም?" ሓቲትክዎ ነቲ ዝተጀልዐ ከንፈሩ እናጠመትኩ። ከንፈሩ ዝተረፎ ኣይብሮን፡ ላዕላይ ከንፈሩ ተዛዩ ነበረ።

"ካብ ሮናልዶ ማሲ ይፍዕ ይብለኒ። ብሮናልዶ ዝመጸ ሕመም እዩ። ሓሪቐ እየ ሃሪመዮ" ጌሩ ጸወጌ።

"እንታይካ ደዩ ሮናልዶ?" ሓቲትክዎ ዝበሎ ከይሰማዕኩ እናተኻሓንኩ።

"ዋላ ሓንቲ! ግን ናይ ዓለም ተጻዋታይ ኩዑሶ እዩ" ማለት ከይተሰከፈ።

ገሪሙኒ ሰቕ በልኩ። ክልቲኦም ስለዘዛረቡ ኣብ ጥቓና ናብ ዘሎ ሕክምና ወሲድና ኣሐኪምናዮም።

ከንፈሩ ዝተሃርመ ብኽልተ ጋሻ ተሰፊዩ። ዝተባሕጨረ ድማ ተሓኪሙ ብቕሪሮ ተሸፊኑ።

ምስ ኣሐከምናዮም ኣብ ሓደ ጽላል ኮፍ ኣቢለ ከዘራርቦም ጀመርኩ።

"ሕራይ እዞም ደቀይ ካብዚ ባእሲ መን ረቢሑ?" ንኽልቲኦም ኣብራርህ ጠመተኩዎም።

ክልቲኦም ሰቕ። ዝዛረብ ተሳኢኑ።

"እሞ ደቀይ መልሰለይ እንድዩ። ናይ ኩዑሶ ስምዒት ክህልወኩም ጽቡቕ እዩ። ጸወታ ኩዑሶ ፍቕሪ እዩ ከምጽእ ዘሎ። ጸወታ ኩዑሶ ፍቕሪ ዘይምጽእ እንተኾይኑ ክተርፍ ዝሓሸ እዩ። እሞ ተጻወትቲ ክልቲኦም ንፉዓት ስለዝኾኑ ኢኹም ፈሊጥኩሞም። ንሽኹም ድማ ኤሪጥኩም ስምኩም ከተጸውዑ እዩ ዝግብኣኩም። እምበር ተባኢስኩም ዝረኽብ ጅግንነት የለን። ንሽኹም ብኽሶ ደዩ ብትምህርቲ ነፊዕኩም ስምኩምን ስም ሃገርኩምን ከተጸውዑ ጽዓሩ። እሞ ደቀይ ብዝበ ንፉዓት ክትሰልሉ ግዜ ከይሓለፈኩም ጉየዩ። ትሰምዑኒዶ ኣለኹም?" ዘርባይ ኣቋሪጸ ክዛረቡ ዕድል ሃብኩዎም።

"ኣቦይ ተጋገና ኢና። ሓቅኹም ኢኹም። ድሕሪ ሕጂ ኣይንደግሞን ኢና" ከንፈሩ ዝተሃርመ ድኽን ድኽን እናበለ ተዛረበ።

"ሓቂ ኣሎ ኣቦይ ድሕሪ ሕጂ ኣይንደግሞን ኢና። ኣይትሓዘለይ'ዚ ዓርከይ" ብቕሪሮ ዝተሓከመ ተዛረበ፡ ኢዱ ሰዲዱ ሰላም በለ።

ኣነ ድማ ኣዝየ ተሓጒሰ፡ "ኣሰይ! እሞ ደቀይ ፍቕሪ እዩ ዘድልየኩም። ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን ኣይትባኣሱ። ምስ ባእሲ፡ ባእሲ ከኑ። እንስሳታትኳ ባእሲ ዝገድፍዎ፡ ንሕና ሰባት ክንባኣስ ዓገብ" ብምባል መዓድኩዎም።

ብድሕሪዚ ክልቲኦም ክምስ እናበሉ ተሓቛቒፎም መገዶም ጀመሩ።

ኣነ ድማ ሕጉስ ኢለ ናብ ገዛይ መረሽኩ። ፍቱዋት ደቀይ ብዘኾነውንን ዘይኾነውንን ኣይትባኣሱ። ካብ ባእሲ ዝርከብ መኽሰብ ስለዘየለ ንሓድሕድኹም ተፋቐሩ። ካብ ከምዚ ዓይነት ባእሲ ድማ ተጠንቀቑ።

ሰናይ ቕነ!!

ሕቶ እተመሳቐለ ቀጽርታት

1	2		3	■	4	
5		■	6			■
■	7	8		■	9	10
11	■		■	12		
13	14		■		■	
■		■	15		16	■
17			■	■	18	

ንትኹል

1. 2340 ÷ 30
2. 345 + 551
3. 2345 - 1700
4. 301 X 20
8. 3320 ÷ 10
10. 268 + 395
11. 789 - 767
12. 26 x 22
14. 56280 ÷ 120
16. 37 + 28

ንጋድም

1. 2356 + 5540
4. 89 - 27
5. 10 x 8.9
6. 4600 ÷ 10
7. 456 + 179
9. 572 ÷ 22
12. 3899 - 3393
13. 121 x 2
15. 37 + 389
17. 26 X 15
18. 1400 ÷ 25

ሓበን ተስፋሚካኤል

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ወጋሕታ፡ ናይ ምውሳን ብቕዓት የሐይል

ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ እወታዊ ቅዲ ኣነባብራ ክህልወና ዝሕግዘን ጥዕናዊ ጥቕሚ ዘህቦን ኣገዳሲ ነገር እዩ። ስፖርት ይኹን ዝተፈላለዩ ፈኮሱት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክንካየድ እንከለና፡ ኣብ'ቲ ዝጥዕመና ሰዓታት ኢና እነካይዶ። ገለ ሰብ ንግሆ፡ ካልኦት ድማ ናይ ምሸት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብሩ ይረኣዩ።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ምዕራብ ኣውስትራልያ፡ ንግሆ ተንቀሳቒስካ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፡ ብቕዓት ውሳኔ ክሕይል ከምዝሕግዝ እዮም ዝሕብሩ ዘለዉ። ንሳቶም፡ ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ዕድመን ሽምግልናን ዝርከቡ ሰባት፡ ንግሆ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ዘዘውትሩ፡ ተግንዘቦኣዊ ክፋል ኣእምሮኦም ከም ዝምዕብልን ናይ ምዝካር ዓቕሞም ከም ዝወሰኽን እዮም ዝገልጹ።

እቶም ተመራመርቲ ካብ 55 ክሳብ 80 ኣብ ዝዕድመኦም ኣስታት 65 ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ብምስታፍ እዮም ንመጽናዕቶም ኣካይዶሞ። እቶም ተሳተፍቲ፡ ንግሆ ተንቀሳቒሶም፡ ንሓደ ወርሒ እግሪ ጉዕዞን ኣይሮቢክስን ከም ዝሰርሑ እዩ ተገይሩ። ብድሕሪዚ፡ እቲ ወጽኢት ከም ዝምስክሮ፡ ኩሎም ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ሰባት፡ ነቲ መዓልታዊ ዘካይድዎ ንጥፈታት፡ ብኣድህቦ ኣድማዕነትን ክሰርሑ ከም ዝኸኣሉ ተፈሊጡ። ኣብ ናይ ምውሳን ዓቕሞም ተግንዘቦኣዊ ክፋል ኣእምሮኦም ድማ ዝኾነ ለውጢ ከም ዘምጽኡ፡ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ሓቢሮም።

ኩሉ ሰብ ብፍላይ ድማ ኣብ ማእከላይን ሽምግልናን ዕድመ ዝርከቡ ሰባት፡ ጥቕሚ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ተረዲኦም፡ ከዘውትርዎ ከም ዝግባእ ድማ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ኣዘኻኺሮም።

ዝተጓሕፉ ፕላስቲካት ናብ ሓመድን ድኹዒን ይምስርሑ

ፕላስቲካት፡ ካብቶም ተጠቒምና ብብዝሒ እንጕሕፎም፡ ሰብ ሞያ ድማ ካልኣይ ግዜ ክንጥቀመሎም ብምባል ዝምስርሕዎም ነገራት እዮም። ኣገልግሎቶም ዝወድኡ ፕላስቲካት፡ ዝበዝሑ ኣብ ውቅያኖሳት ዝጕሓፉ ብምዃኖም ግና፡ ንስነ-ህይወት ማያዊ ኣካል፡ ብኣሉታ ይጸልውዎ ኣለዉ። ነዚ ንምጉዳል፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ ኣተኲሮም ዝጸንሑ ተመራመርቲ፡ ተጠቀምቲ ፕላስቲካት፡ ብኻልእ ነገር ንምትካእ ወይ'ውን ከም እንደገና ኣብ ኣድማዒ ስራሕ ክንጥቀመሎም ዘኽእለና መንገዲ ንምርካብ፡ ሃሰው እዮም ዝብሉ ዘለዉ።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርኒያ፡ ፕላስቲካት ከም ብሓድሽ ተመስሪሖም ኣብ ኣገልግሎት ሓመድን ድኹዒን ዘውዕልሉ ኣገባብ ምሂዞም ምህላዎም ይሕብሩ። እቶም ዝተጓሕፉ ፕላስቲካት፡ ከም ብሓድሽ ተዳቒቖምን ካልእ ምምስራሕ ተኻይዱሎምን እዮም ኣብ ሓመድ ከም ዝሕወሱ ዝግበር ዘሎ። እቶም ተመራመርቲ፡ ንቶም ፕላስቲካት፡ ናብ ፈሳምን ካልእ ዓይነት ሓመድን እናለወጡ፡ ጽሩይ ማይ ኣብ ምድላው ከምዝጠቕሙ ገይሮም ይሰርሕዎም ከምዘለዉ ወሲኾም ይገልጹ።

ዝተጓሕፉ ፕላስቲካት ናብ ሓመድን ድኹዒን ናይ ምቕያር ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ፡ ወጽኢታዊ ኩይኑ ይረኽብዎ ምህላዎም ዘመልከቱ እቶም ተመራመርቲ፡ ብፍላይ ኣብ ምቕራብ ጽሩይ ማይን ንሕርሻ ዝኾውን ድኹዒን እወታዊ ለውጢ ከምጽኡ ብምኽኣሎም፡ ኣተባቢዑዎም ምህላዉ ኣብሪሆም።

እንተኾነ፡ ዝተጓሕፉ ፕላስቲካት ናብ ሓመድን ድኹዒን ምቕያር ኩሉ ግዜ ከተዘውትሮ እትኽእል ስራሕ ከም ዘይኮነ ኣብ መጽናዕቶም ኣይሓብኡን። ካብ'ቲ ሓድሽ ፕላስቲክ ክትሰርሕ እትወጽኦ መጠን ገንዘብ ንላዕሊ፡ ንዝተጓሕፈ ፕላስቲክ ክትምስርሕ እተጥፍኦ ገንዘብን ንብረትን ስለዝበዝሕ፡ ዘይስገር ብድሆ ኩይኑዎም ከም ዘሎ ከኣ ኣገሊጾም። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ክንዲ ዳግማይ ምምስራሕ፡ ተጠቀምቲ ፕላስቲክ ክውሕደሉ ዘለዎ ኣገባብ ክፈጥሩ ኣብርቲዖም ይሰርሑ ምህላዎም ኣረዲኦም።

"ተጠቒምና ዝጕሓፍናዮም ፕላስቲካት፡ ኣብ ውሽጢ ኣካል ህይወት ዘለዎም ፍጡራት ክኣትዉ እንከለዉ፡ ክሳብ ሞት ዘቃልዕ ጸገማት እዮም ዝፈጥሩ። በዚ ድማ ኢና ኣብ ውቅያኖሳት ክጕሓፉ ፈጺምና እንቃወም። ዳግማይ ክንምስርሖም ፈቲንና'ውን ኣዝዩ ልዑል ባጀት ስለዝሓተተና - ኣይተዓወትናን። ስለዚ፡ እቲ እንኮ ኣማራጺ፡ ምጥቃም ፕላስቲክ ክውሕድ እዩ" ትብል ሓንቲ ካብ'ቶም ተመራመርቲ ዶ/ር ኣብደል ኣዚዙ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ንዝተጓሕፉ ፕላስቲካት ናብ ሓመድን ድኹዒን ክቕይሩ ጀሚሮም ዘለዉ ምርምራዊ ስራሕ እናቐጸሉ፡ ኣብ መጻኢ ግን ብቐንዱ ተጠቀምቲ ፕላስቲካት ክጕድሉ ዝሕግዙ ምህዞታት ኣብ ምፍራይ ከምዝደሃቡ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ጸገማት ዝጕሓፍ ፕላስቲክ ንምቅላል፡ መጠቕለሊ መግብን ካልእ ዕሹግ ነገራትን፡ ኣብ ክንዲ ብፕላስቲክ፡ ብኣቑጽልቲ ክቕየር ከም ዝጀመረ፡ ብመንገዲ'ዚ ዓምዲ ምሕባርና ይዝከር።

ጥዑም ጨና ዘለዎ ሽምዓ ጽሩይ ኣየር ይብክል

ብጥዑም ዓይነት ጨና ዝተማስርሑ ከም ሽምዓ፡ ፍዮሪን ዝኣመሰሉን ንገዛ ሰሓብን ምኡዝን ሽታ ከም ዘህልዎ ይገብሩ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ሰድራ-ቤታት ዝርኤ ኣብ ሱ-ስርዓት ቡን ዕጣን ጊርካ ንቤትካ ጥዑም ሽታ ምሃብ፡ ሽምዓን ካልእ ኣቕሑን ድማ ከም ናይ ፍዮሪ ጽገሬዳ፡ ቾኮላታ፡ ቫኒልያ ዝኣመሰሉ ሽታ ዘለዎም ኩይኖም እዮም ዝቐርቡ ዘለዉ።

ኣብ ዓውዲ ኣከባብን ጽሬት ኣየርን ዘጽንዑ ኣመራማውያን ተመራመርቲ፡ እዞም ንገዛ ጥዑም ሽታ ዝህቡ ጨና ዘለዎም ሽምዓ፡ ብኸላ ኣየር ዝፈጥሩ ጉድኣት ኬሚካል ከም ዘለዎም ይሕብሩ ኣለዉ። ንሳቶም፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ገዛ ኑቶም ጨና ዘለዎም ሽምዓ ምስ እንወልዖም፡ ኣብ'ቲ ገዛ ዝጸንሐ ጽሩይ ኣየር ስሒቦም ብምጥፋእ፡ ጥዑም ሽታ ብዘለዎም ግን ከኣ ጉድኣት ኬሚካላት ከም ዝትክእዎ እዮም ዝረድኡ።

"ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዝዎም ዝተጠቕሱ ጨና ዘለዎም ሽምዓ ይኹን ካልኦት ምስኦቶም ዝመሳሰሉ ነገራት ብብዝሒ ምስ እንጥቀም፡ ኣብ ክንዲ ጽሩይ ኣየር እነስተንፍስ፡ ዝተበከለ ኣየር ኢና ንስሕቦ። ካብ'ቲ ኣብ ግዳም ወጺእና፡ ብሸኽ ካብ ተሸከርከርቲን ፋብሪካታትን ዝወጽኡ በከልቲ ጋዛት እንሓጥን እንጉድኦን ንላዕሊ፡ ከኣ ኣብ ገዛ ኩይንና እንወልዖም፡ ጥዑም ሽታ እናሃቡ ዝሰዕቡና ኬሚካላት ዝዩዳ ጉድኣትና እዮም" ክብል የረድእ ዝ. መግለጺ. ዝሃበ ዶ/ር ሰቤትላና ሰቤትኖኪ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ብዘይካ'ቲ ጨና ዘለዎ ሽምዓ፡ ካልእ ጥዑም ሽታ ዝህቡ ከም 'ኣየር ዘሐድስ' (air freshener) ኬሚካል ብብዝሒ ምጥቃም፡ ክሳዕ'ቲ ርእስና ከም እንሓምም ዝገብሩ፡ ምስ ስርዓተ-ምስትንፋስ ምትሕሓዝ ዘለዎም ጸገማት ከኸትሉልና ከም ዝኽእሉ እዮም ዝገልጹ። ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ኩሉም ጥዑም ሽታ ዝፈጥሩ ነገራት፡ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ከም ዘለዎም ተረዲእና፡ ብዝተሓተ ዓቐን ደኣ'ምበር መዓልታዊ ከይዘውትርዎ ኣብ መወዳእታ ይመኽሩ።

"እናተጉዓዝካ ማስቲካ ምሕያኽ፡ ህርመት ልቢ የመሓይሽ" ተመራመርቲ

ማስቲካ፡ ሓደ ካብ'ቲ ክንዛዝን ንምሕቃቕ መግቢ ክሕግዘና ኢልና እንሕየኾ ኩይኑ ዝተፈላለየ መቐረት ዘለዎ ኩይኑ እዩ ዝቐርብ ዘሎ። ሓኪየም ሲ ዝደግፍዎ ዓይነት ማስቲካ፡ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘይብሉ ብምዃኑ ከኣ፡ ኣፍረይቲ ጠለቡዎም ንምስሳን፡ ንኣሰናን ዘጠቕም ዓይነት ማስቲካ ብብዝሒ የፍርዩ ኣለዉ።

ኣብ መንገዲ ብእግርካ እናተጓዓዝካ ማስቲካ ምሕያኽ ክጽ'ቲ ናይ ምዝናይ ጥቕሙ፡ ጥዕናዊ ረብሓታት ከም ዘህቦ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዋሴዳ - ጃፓን ይሕብሩ። ጥቕምታት ማስቲካ ብዝተፈላለዩ ተመራመርቲ ክጽናዕ'ኳ እንተተኻእለ፡ እናተንቀሳቐስካ ማስቲካ ምሕያኽ ዘህቦ እወታዊ ጉድኣ ግና፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ብዕምቈት ክጽንዕዎ ከም ዝኸኣሉ እዮም ንሳቶም ዘጸሩ ዘለዉ።

ነቲ መጽናዕቲ ንምክያድ፡ ካብ 21 ክሳብ 70 ዕድመኦም፡ ኣስታት 46 ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ብምስታፍ እዮም ምርምሮም ኣካይዶም። እቶም ተሳተፍቲ ብእግሮም እናተጓዓዙ፡ 315 ደቓይቕ ማስቲካ ከም ዝሓየኹ እዩ ተገይሩ። ህርመት ልቦምን ካልእ ምስ ወሸጣዊ ስርዓት ኣካሎም ዝተኣሳሰርን እትምርምር ሰዓት ኣብ ኣእዳዎም ሰሪሖም ይኸዱ ብምንባሮም፡ ነቲ ዝፍጠር ዝነበረ ምቅይያራት፡ እታ ሰዓት ትምዝግቦ ነይራ። ብድሕሪዚ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ እቲ ወጽኢት በብደረጃ ዕድመ ተሳተፍቲ ዝተፈላለየ ኩይኑ ከም ዝረኸብዎ ገሊጾም።

ብፍላይ እቶም ኣብ ማእከላይ ዕድመን ኣብ ሽምግልናን ዝበጽሑ ሰባት፡ ማስቲካ እናሓየኹ ክጓዓዙ እንከለዉ፡ ህርመት ልቦም ጸቢቑ ከም ዝነበረ፡ ካብ ኮፍ ኢሎም ማስቲካ እናሓየኹ ዝሓየኽዎ ንላዕሊ፡ እናተንቀሳቐሱ እንከለዉ፡ ብዝበለጸ ይዛዩ ምንባሮም ተረጋጊጹ። ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ተሳተፍቲ፡ ማስቲካ ክሕይኹ እንከለዉ፡ ፍጥነት ስጉምቲ ኣካያይዳ ናይ ጉዕዞኦም'ውን ይቕልጥፍን ይመሓየሽን ምንባሩ፡ ኣብ'ቲ ዝተረኸበ ወጽኢት ከም ዝተመዝገበ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ኣረዲኦም።

ብሞባይል፡ ኬሚካልን ስነ-ህይወታዊ ሞለክዩልን ምምርማር ተኻኢሉ

ሞባይላት፡ ኣብ መስርሕ ምብሃል ካብ ዘበርክትኦ ንቡር ኣገልግሎተን ሓሊፈን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ክሳተፋ ካብ ዝጀመራ ነዊሕ እዋን ኣቑጺረን ይርከባ። ብመበራኸቲ ካሜራ ጸቕጢ ደም ምዕቃን፡ ኣብ ውሽጠን ብዝጸዓን ኣፕሊኬሽን ተጠቒምካ፡ ትርግታ ህርመት ልብን ካልእ ምስ ኩነታት ጥዕናኻ ዝተኣሳሰርን ምፍላጥ፡ ሓደ ካብ'ቲ ብሞባይል ቴሌፎናት ክትገብር ተኻኢሉ ዘሎ ምዕባለ እዩ።

ኣብ ቴክሳስ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ተራ ሞባይል ተጠቒሞም፡ ኣብ ሓደ ነገር ንዝርከብ ኬሚካል፡ ስነ-ህይወታዊ ሞለክዩል ሰበብ ሕማም ክኾውን ዝኽእል ባእታን ካልእን ክምርምሩ በቒዖም ምህላዎም ሓቢሮም። እቶም ተመራመርቲ ኣብ'ታ ንፈተና ዝተጠቐመላ ሞባይል፡ ፍሉይ ብልሒ ዝምንጩ ጸዳል (laser) ኣእቲዮም እዮም ዕላማ ምርምሮም ዘዐቱ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ'ታ ንፈተና ዝተጠቐመላ ሞባይል ዘእተውዎ 'ሌዘር' ተሓጊዞም፡ ኣብ ሓደ ነገር ንዝርከብ መጠን ኣልኮል፡ ሚታኖል ከምኡ'ውን ኣብ ካሮት ዝርከብ 'ካሮቲን' ዝተባህለ ባእታ እዮም መርሚሮም። ትጽቢት ዝነበሮ ወጽኢት ድማ ረኺቦም።

ንሳቶም፡ ኣብ'ቲ ምርምር፡ ካሮት ዝተጠቐምሉ ምኽንያት፡ ኣብ ኣታኽልቲን እንስሳታትን ዝርከብ ናብ ቫይታሚን ኤይ ዝልወጥ ክሪስታላዊ ሃይድሮካርቦን ሕብሪ ዝህብ ነገር፡ ኣብ ካሮት ስለዝርከብ ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ነታ ተራ ሞባይል በቲ ዝወሰኽላ መሳርሒን ዝለወጠላ ረቂቕ ኣገባብን ተደጊፎም፡ ኣብ ሓደ ነገር ንዝርከብ ኬሚካልን ካልእን ክፈልጡ ብምኽኣሎም እናተሓበኑ፡ ብዋጋ ድማ ውሑድ ክፍሊት ጥራይ ዘለዎ ኣሰራርሓ ስለዝኾነ፡ ሞባይላቶም እዞም ዝተጠቕሱ ጥቕምታት ዘለዎ ክትከውን ንዝደልዩ ሰባት፡ እቲ መስርሕ ከኣንግድዎም ቅሩባት ምዃኖም የበስሩ።

ሓሳባት

ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ

(መበል 16 ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ብኣቶ ጌታ ሀሩይ ወልደስላሰ "የኢትዮጵያ ታሪክ፣ ከንግስት ሳባ እስከ ታላቁ የኣደዋ ድል" ኣብ ዝርእስቱ መጽሓፍ፣ ዘርኢ ነገስታት ኢትዮጵያ ምስ ሰሎሞናዊ ስርወ ንግስነት ንምትእስሳር ዘቕረብዎ ናይ ንጉስ ሰሎሞንን ንግስቲ ሳባን 3000 ዓመት ንድሕሪት ዝምለስ ጽውጽዋይ ተመልኪትና ነይርና። ብጭብጢታት ድማ 3000 ዓመት ታሪኽ ዘለዋ ሃገር ኣብዚ ዓለም ክትህሉ ከምዘይትኽእል ኣብርሂና። እቲ ምጉት፡ ንኢትዮጵያ ንምንእኣስ ኣይኮነን። ሓቂ ንምግላጽ ጥራይ እዩ። ካብዚ ቀጺልና ድማ ብዛዕባ ሓቀኛ ታሪኽ ኣመሰራርታ ሃገራት ነቕርብ፦

ምምስራት ሃገራት ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩርናዕ ናይ ዓለም ዝርከብ ሰብ፡ ብዛዕባ ትርጉም ሃገራውነት ይፈልጥ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ "ኣነ ኤርትራዊ እየ። ሱዳናዊ እየ። ኢትዮጵያ እየ። ኖርወጃዊ እየ። ህንዳዊ እየ። ኣነ ድማ ቻይናዊ እየ።" ወዘተ. እናበለ መንነቱ ዝገልጽ። ቅድሚ ገለ ዘመናት ግን፡ እቶም ቀዳሞት ወለዶታት፡ ንመንነቶም ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ገይሮም ይገልጽዎ ኣይነበሩን። ኣስታት 200 ዓመታት ንድሕሪት ተመሊስና ንኣያታት መንነተን እንተ ንሓተትን እተን ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ዝርከባ 'ጓል ሐምበርቲ፡ ጓል ባረንቱ፡' እተን ኣብ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ዝርከባ ከኣ 'ጓል ሸዋ፡ ጓል ዓድዋ፡' እተን ኣብ ናይ ሎሚ ኖርወይ ዝርከባ ድማ 'ጓል በርገን' ምናልባት ድማ 'ጓል ሸወደን ወይ ደንማርክ ወዘተ.' ምበላ ነይረን።

ስዒቡ ዝመጽእ 'ምብኣር፡ ዘመናውያን ሃገራት፡ በቲ ሎሚ እንፈልጦ ጂኦግራፈያዊ ቅርጸን መዓስን ብኸመይ መገዲን ቀይመን? ዝብል ሕቶ እዩ።

ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ፡ መብርሂ ክኢላታት ምውካስ ሓጋዚ እዩ። መብርሂ ወይ መግለጺ ናይ ክኢላታት'ውን፡ ዝተፈላለየ ስለ ዝኾነ ጥርንፍ መልሲ የለን።

ሃገር

ሁ ሰተን-ዋትሰን Hugh Seaton-Watson: "… no 'scientific definition' of the nation can be devised; yet the phenomenon has existed and exists." ይብል። ብሓርፋፍ ትርጉሙ 'ንሃገር ዝገልጽ ሳይንሳዊ መግለጺ፡ ዛጊት በቲ ልክዑ ኣይተረኽበን። ኮይኑ ግን ሃገራት ኣለዋን ነይረንን" ማለት እዩ።። ዋትሰን ከምኡ ዝበለ ኣቋውማ ሃገራት ብቐሊል ከም ዘይግለጽ ንምንጻር እዩ።

ኤርነስት ገልነር Ernest Gellner ብወገኑ "Nationalism is not the awakening of nations to self-consciousness: it invents nations where they do not exist." ይብል። እዚ እውን ብሓርፋፍ ትርጉሙ "ትንሳኤ ሃገራዊነት፡ ካብቲ ዘሎ ርእሱ-ንቕሓት ሃገራት ዘይኮነስ፡ ካብ ዘየለ ሃገራት ከም ዝፍጠራን ከም ዝህልዋን ምግባር እዩ።" ዝብል እዩ።

ቤኔዲክት ኣንደርሰን Benedict Anderson: "… the nation: it is imagined political community – and imagined as both inherently limited and sovereign." ክብል ብዛዕባ እንታይነት ሃገር ይገልጽ። ትርጉሙ "ሃገር፡ ኣብ ሓሳብ ዝተሃንጸ ወጽኢት ኹበራቕ ፖለቲካዊ ኮም እዩ። እቲ ወጽኢት ህንጸት ከኣ፡ ንሃገር ከም ደረት ዘለዋን ልኡላዊትን ይገልጾ።" ማለት እዩ።

ዝያዳ ንምብራህ፡ ቤኔዲክት ኣንደርሰን "ሃገር፡ ኣብ ሓሳብ-ዝተሃንጸ ፖለቲካዊ ኮም'ዩ" ክብል እንከሎ፡ ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ኣዝዮም ስለ ዝኾኑን ብቐረባ ስለ ዘይፋለጡን ወይ'ውን ካልእ ክፍጺቦጥ ዘኽእል ሃገር ስለ ዘለዎም ኣይፋለጡን ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ዝኾኑ። እንታይ ደኣ? እቶም ዜጋታት ብሓሳቦም፡ 'ደቂ ሓንቲ ሃገር ኢና' ኢሎም ስለ ዝሓስቡን ዝኣምኑን ጥራይ እዩ።

ኤርትራውያን ወይ ኣመሪካውያን ብምሉኦም ስለ ዝፋለጡን ዝተመዱን ኣይኮኑን ዜጋታት ሃገራቶም ኮይኖም። እንታይ ደኣ? እታ ኤርትራዊት፡ "ዞኾተይ ኤርትራዊት እየ" ኢላ ስለእትሓስበን እትኣምንን እያ ኤርትራዊት ዜጋ ኮይና። እቲ ኣመሪካዊ ድማ ከምኡ።

ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ እንዱ ወዘተ. ንበይኑ ዜጋ ሓንቲ ሃገር ኣይገብርን እዩ። ተመሳሳሊ ቋንቋ ዝዛረቡ፡ ተመሳሳሊ ሃይማኖት ዝኽተሉ፡ ተመሳሳሊ እንዳ ዘለዎም ሰባት፡ ዜጋታት ዝተፈላለያ ሃገራት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብፍላይ ከኣ ኣብ ኣፍሪቃ። ሓንቲ ኤርትራዊት፡ እቲ ካልኣይቲ ከኣ ኢትዮጵያዊት ክትኮውን ትኽእል። ቤኔዲክት፡ ህንጸት ሃገር "ደሩትን ልዑላዊን እዩ" ክብል ከሎ፡ ሃገራት ደሩት ከበቢ ወይ ዶብ ከም ዘለወን ነፍሲ ወከፍ ሃገር ድማ ልኡላዊትን ካብ ምትእትታው ካልኦት ሃገራት ወይ ሓይሊታት ነጻ ምዃናን ዘጽርን እዩ።

"ሃገራትን ኣቃውማኣንን ኣብ ሓሳብ-ዝተሃንጸ እዩ" ዝብል መጉት ከም መጠን እንተ ወሰድና፡ ስዒቡ ዝቐርብ ሕቶ ከኣ ንቕሓት ሃገራዊ-መንነት ብኸመይ ጀሚሩን? ብኸመይ'ከ ተሓጺሩን? ዝብል እዩ።

ቀንዲ መወከሲ እዚ ምዕራፍ ናይ ቤኔዲክት ኣንደርሰን (Imagined Communities – Benedict Anderson)፡ ናይ ቶማስ ፒኬቲ (Capital and Ideology – Thomas Piketty) መጽሓፍቲ እዩ።

ኣጀማምራ ሃገራዊ-መንነትን ህንጸቱን

"ዘመናውያን ሃገራት ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ሚእቲ ዓመታት ኣብ ዘሎ እዋናት እየን ተመስሪተን" ክንብል ከለና ቅድሚኡ ሃገራት ኣይነበራን ደየን? ሃገራት እንተ ዘይነይረን'ከ እቲ ቅድሚ ክልተ ሚእቲ ዓመታት ዝነበር ዝነበረ ማሕበረሰብ ብኸመይ ይግለጽ ነይሩ? ዝብል ሕቶታት ክለዓል ንቡር እዩ። ብርግጽ! ዲያናስቲ ወይ ስርወ-መንግስቲ፡ እምብራጦርያ፡ ናይ ከተማ መንግስታት ካብ ዝቕልቀላ ኣሽሓት ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። እዘን ስርወ-መንግስታትን እምብራጦርያታትን ዝበረን ዝርጋሐ መሬት ኣዝዩ ሰፊሕ፡ ኣብ ትሕቲኤን ዝነበሩ ኣህዛብ ከኣ ብዝወሓደ ሰለስተ ደረጃ ዝበሮም እዮም፦

